


Scanned with CamScanner



Scanned with CamScanner




Scanned with CamScanner




Scanned with CamScanner




Scanned with CamScanner

# መልእኽቲ #ረመፅ

## እዚ ቃልሲ ናይ መን እዩ?

ህዝባዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ምስ እንርኢ ብሓደ ስሙር ዕጥቁ ወያናይ ኸንምስሎ ንኽእል። ጉታንኡ ሰንቲና፣ ኽዳን ዓዱ ለቢሱ፣ ቑምጣ ዓጢቑ፣ ሳእኑ ደግዲጉ፣ ነምባልኡ ነምቢሉ፣ ብሓደ ኢዱ ዋልታ ብኻልእ ኢዱ ጭማራ ሒዙ፣ ዕንዓት ኣኢጋሩ ቀጥ ኣቢሉ ኣብ መሬት ዓዱ ብትብዓት ምስ ፀኒዑ ጠጠው ዝበለ ወያናይ!!

እዚ ወያናይ ከመይ ከም ዝቃለስ ሓሲቡ ዝእንፍተሉ ሕጋዊ መግስቲ ኣለዎ። ብዴሞክራሲያዊ መረፃ ዝተሓረየ ሓቀኛ ወኪል ህዝቢ ዝኾነ መንግስቲ። ምስ ኹሉን ብሄራውያን ውድባትና እናተደማመፀ ዝዓዓዝ። ቀፃሊ ፖለቲካዊ ኣንፈት ህዝበን ብመንፅር ብሄራዊ ናፅነት ምስ ዝእምታ ውድባት ሓቢሩ ዝቃለስ መንግስቲ። ትማሊ ነቲ ሕሉፍ ነዊሕ ብረታዊ ተጋድሎ ምስ ብዖቶም ዝመርሑን ዝፀውቱን፣ ኣብ መንግስታዊን ውድባውን መሪሕነት እውን እጃሞም ኣወፍዮም ድሕሪኡ ኣብ ካልእ ጉዕዞ ህይወት ምስ ዝነበሩ፣ ማዕተብ ትግራይ ክይትልሕልሕን ክይትብጠስን ኣስጢሞም ኣሲርሞ ምስ ዝፀንሑ ኣያታት ሰሚሩ ነቲ ቃልሲ ዝመርሕ መንግስቲ።

እዚ ወያናይ ደጀን ቃልሱ ዝኾነ ህዝቡ ድማ ይውንን።ኸይጠምዩ ዝፅንግሉ፣ ኸይፀምኡ ዘርውዩ፣ ኸይዓርቑ ድማ ዝኸድኖ ህዝቢ። ደቁ መሪፁ ንቓልሲ ዝልኣኸ ህዝቢ። ነታ ኣብ ግዘ ሰላም ተልሂት ዘኹድደላ፣ ጓይላ ዝጉይሰላ፣ ሁራ ዝረግፀላ፣ ኣውርስ ዘውርሰላ፣ ጉማዩ ዝብለላ መሬት ዓዱ ኣብ ግዘ ኹናት ንፀላኢታ #ረመፅ ዝገብራ ህዝቢ። ፆታ እንክይፈለየ ደቂ ኣንስትዮ ተዓጢቐን እናዕጠቓ፣ ኣዶ ኾይነን እናሓብሓባ፣ ኣሓት ኾይነን ኒሕ ፈጢረን ሓቦ እናሰነቓ ዝሳተፋሉ። ሞያ እንክይፈለየ ነጋዳይ ብገንዘቡ፣ ሓኪም ብሞያኡ፣ መሁር ብፍልጠቱ፣ ሽቃላይ ብጉልበቱ፣ ኣቦ ሃይማኖት ብፀሎተ ምዕዳን ዝሳተፈሉ ቓልሲ ህዝቢ። ንፀላእቱ ኣብ መድረኽ ዓለም ስዕረት ዘንልብብ ዲያስፖራ፣ ርሕቐት እንተይደረቶ ግዚኡ፣ ፍልጠቱ፣ ገንዘቡ ነቲ ቓልሲ ዘሀግር ወናም ዲያስፖራ። ካብ መረበት ዓዱን ካብ መላእ ዓለምን ንቃልሱ ዝሰምር ህዝቢ። ትግራይ ዓዱ እንትትዕውዖ ፕሮፌሰር ምርምሩ ሓዲጉ፣ ዶክተር ጋዎኑ ኣቐሚጡ፣ ጋዜጠኛ መቕድሒ ድምፂ ሸንደዩ፣ ሓረስታይ ዕርፉን ነዊቱን ሰቒሉ፣ ደራፊ መድረኽ ቦኺሩ . . . ኩሉ ከም ሓደ-ብሓደ ሰሚሩ ካላሽንን ኣርበጅንን ከዕጠቕ ንህይወቱ ክይሰስዐ ዝሰለፈላ ዓዱ ዝወንነ ህዝቢ።

ብልሒ ቓልሱ ምክልኻል ሓይልታት ትግራይ ዝዝበረ 'ጦር ወያናይ'። ንህዝቡ ባና ዓወት፣ ንፀላእቱ ኸሰመትን ስዕረትን ዘንልብብ ተጋዳላይ። ንብዓት ኣዲኡ ንምሕባስ፣ ኽብሪ ዓዱ ንምምላስ ንቡታት ሓኩሩ ዘይርብርብ፣ ሕልፊ ሃገሩ ትሸዓተ ነብሲ ዝሓዘ ይመስል ሞት ዘይፈርሕ ጅግና ተጋዳላይ። ኣብ ድፋዕ ፀላእቱ ዝፅንድር፣ ንምኩሓት ፀላእቱ ረምሪሙ ዘይዛሪ፣ ኸይዱ ዘይደከም፣ መስተንክር ዝውዕሉ ዝምሕዳሩ ዕኑዕ ተቓላሳይ።ናፅነት ትግራይ ከግህድ ብንበጥቲ ዝተወረረ ታሪኻዊ መሬት ዓዲ እናን ዓዲ ኣቦን ከምልስ ካብ ምብራቕን ምዕራብን ካብ ደቡብን ሰሜንን ትግራይ ዝኸተተ ወያናይ ትግራይ።

ነዚ እዩ ህዝባዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ በቲ ዕጥቁ ዘማለአ ወያናይ መሲልና ብኹሉ መዳይ ኩሉ ዘሳተፈ መሉእ እዩ ምባልና። ንመንእሰይ ፆታ ሃይማኖት ተይፈለየ ንሚዳ ዘውረደ። ምልኣ ትግራይ፣ ነገር ተጋዳላይ እንክይበለ ዘውፈረ። ከተመታይ ኾነ ሃገረሰብ ንናይ ሓባር ዕላማ ዘሰለፈ። ኮታስ ኩሉ ትግራዋይ ካብ ኩሉ ጉዕዞ ህይወት፣ ኣብ ኩሉ ዓይነት ደረጃ መነባብሮ ዘሎ ሕብረተሰብ ትግራይ ዝተዋደደሉ ኩሉ ዝሓበረሉ።

እወ! ኩሉ እንትንብል ኹሉ ማለትና እዩ፣ 'ምሉእ በኩለሄ'።

---

ኣብ ትሕቲ #ረመፅ ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ ብዘናፍሊ ሚድያን ዶኩሜንቴሽንን #ረመፅ እናተሰናደአት
እትቐርብ ልሳን ቃልሲ መፅሄት #ረመፅ
ሳልሳይ ሕታም፣ ሰነ 2013 ኣቆፃፅራ ግእዝ!

Scanned with CamScanner

# ሰላም ለቺ ትግራይ ዓደይ

**ወደንከረ ባሩኺ**
(ካብ ሓራ መሬት ትግራይ)

ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዘለኹም ደቂ ዓደይ ሰላም !
ሰላም ኣንቱም ሰብ ድግድጊትን ድርብ መቕንትን።
ሰላም ኣንቱም ሰብ ዕላማን መትከልን።
ሰላም ኣንቱም መጉትኩም እትረትው- ሰዲርኩም እትመንው ሰብ ቅያ።
ሰላም እብለኩም ካብ ሕምብርቲ ትግራይ።

ሰላም - ካብቲ መሬት ሓራ--
ካብ እምባ ዕበት ካብቲ ዝባን በኸራ።
ሰላም ካብቲ ዕስራ እምባ-
ምቕንዳይ ወጀራት ካብ ሓዳለ ታባ።
ሰላም ካብ ቦራ ስለዋ ካብ ገዳም ቀብዕያ -
ካብቲ እምባ 'ላጀ ካብቲ ሰፈር ቅያ
ሰላም ካብ ሜዳታት ባላ፤
ካብ ሱሓርቲ ሳምረ ካብ ዓዲ ጉናጅ እምባ ደብረሓይላ
ሰላም ካብ ኣርዓዶም ካብ ደብረ ስቑርቲ –
ተምቤን ወሰገላ ካብ ዓዲ ገዛእቲ
ሰላም ካብ እምባ ነዊ ካብ እምኒ ሕንጉረ–
መንጁ ጫሞ ፀለይ ኣቕማራ ደደረ
ሰላም ካብ ዓጋመ ካብ ዝባን ዓሊቋ –
ንብዘት ዘንቆልቁል ዓዲ ስገም ሊቋ
ሰላም ካብ ኢሮብ ዓደይ ካብ ዳዕሮ ዘጉበላ –
ካብ ዓይጋ ዓሲምባ ደቂ ዛህላይዝጊ ካብ ዝርከቡላ
ሰላም ካብ ኣሕፈሮም፤ ሰላም ካብ እንላ ሰላም ካብ ዕንጉያ –
ካብ ታሕታይ ካብ ላዕላይ ካብ ፀብሪ ምጋርያ።
ሰላም ካብ ሰሎዳ እምባ ሰማያታ–
ካብ ሜዳ ሓራማት እምባታት ገረዓልታ ካብ ባሕሪ ስሒታ
ሰላም ካብ ገሊላ ካብ ፈራሲት ታባ–
ናብ ሓሰሎ ማይ ዘዝጊ ዘንቆልቁል ንሩባ
ሰላም ካብ ዓዲ ኣርባዕተ መደባይ ዓዲ ምፁ–
ከም ኣንበሳ ዘፍርሕ ብድምፁ ከም ኣሞራ ብዙሕ መራግፁ
ሰላም ካብ ኣፍ ጋሕጋሕ ዓቕብ ሰርፀ ዓዲ ኢታይ –
ሰቓላ ቆየፃ ካብ ዓዲ ከንቲባይ
ሰላም ካብ ግብፃዊት ካብ ቀላቕል ሕርሚ–
ካብ ሩባ ፍርፍራ ዛና ተጠምጠሚ
ሰላም ካብ እምባ ዕዋ ኣድያቦ ዘማእኸሎ–
ካብቲ ዓርደም ግመል ካብ ታባ ገምሃሎ
ሰላም ካብ ኣሎጌን ካብ እንዳባጉና–
ካብ ስግር ተከዘ ከሳድ ግመ ደጀና
ሰላም ካብ መታሕት ሑመራ ወልቃይት–
ሕጡር ገደናና ቆፎና ዝኸትት

*** ሰላም ለቺ ትግራይ ዓደይ– ሰላም እብለኩም ደቂ ዓደይ ! ክምቲ ዝተደገሰልና ኣይኮናን ኣለና ኢና ኣብ መረበት ዓድና – ናበይ ደኣ ከንከድ። ክምቲ ፀላእትና ዝሓሰብዎ ዘይኮነስ ክምቲ ንሕና ዝመከትናዮ ኣለና'ወ!

ካብ ቅድመ ግምባርን ሓራ መሬት ትግራይን እየ ዝምስክረልኩም ዘለኹ! ግደ ሓቂ ክነግረኩም ፤ እቲ ኣብ ሕቑፊ ህዝቡ፤ እም ድማ ብጥበብ ውትድርና ብዝላደዩ መራሕቲ እናተመርሐ፤ ሚልዮናት ብደጀን ኣሰሊፉን ዝዓምም ዘሎ ህዝባዊ ሰራዊት ትግራይ ፤ እናሓደረ ናብ ሓያል ዝጋፋሕ ማዕበል እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ትግራይ፤ ንውግእ ኣብ ከብዲ ኢዱ ኣቕሚጡ ክም ዝበጣ ናብ ዝዓውተሉ ብርኪ በጺሑ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ትግራይ ፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ነብሲ ወከፍ ግፍዒ ቆጺሩ ብመጠን ሓሳበን ኸፊድዎን ኣብ ዝኽእሉ ብርኪ በጺሑ እዩ። ጎቦ ደይቡ ታባ ይፀንሖ፤ ሽንጥሮ ወሪዱ ረጋሕ ይፀንሖ፤



Scanned with CamScanner

ውግእ ውዒሉ ዓይኑ ትኽስ እንተየበለ ውግእ ይፀንሖ ... እንተኾነ ሕድሪ ሚልዮናት ተጋሩ ስለዝፀወረ ንኹሉ ብትብዓት ይሰግር። እወ ! ተጋዳላይ ህዝባዊ ሰራዊት ትግራይ ፤ ኣብራኹ ከም እም ቀብቀብን ከም ነዊትን ተሪሩ ፤ መሓውሩ ከም ንፋስ ቀልቀል ዝዓፋዕ፣ ዘየዳግም ጨማታይ ቆልዓ ባህር ደም ሰርቢ ደም ኮይኑ ኣሎ። ተጋዳላይ ትግራይ ኣብ ደቡብ ከዋጋእ ውዒሉ ፤ ቅናት ምድሪ ኣቋሪፁ ኣብ ምዕራብ ከዋጋእን ከከንዲ በጥቂ ዝኾኑ ከፍላተ ሰራዊት ከዘብጥን ዝሓድር ዘይንበጥ ማእገር ትግራዋይ ጠቕሊሉ ዝሓዘ ሕቆ መዲድ ወዲ ህዝቢ ኮይኑ ኣሎ።

ሕዚ፣ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢታ ሰናዕ ኢትዮጵያን ፤ ንኢሳያስን ኣብይን ከብሉ ከንደይ ደቂም እናወለዱ ናብ እሳተ ኀመራ ከምዝጥጥቑ ባዕሎም ንኺሓስቡ ፤ ብፍላይ ኣብ መላእ ዓለም ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ ኢሎም ንዝርከቡ ለባማት ኤርትራውያን ገዲፍናሎም ኣሎና። ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ(TDF) ግን ኣብ ህልውናናን ዓድናን ዓውድናን ዝዘመተ ግፍዐኛ ወራራይ ሕቆ ሰርካ ምፍዳይ ኣመሉ ገይርዎ እዩ። ኣራዊት ሰራዊት ኢሳያስን ጉግማንጉግ ሰራዊት ኣብይን ዝተፈጥሩላ መዓልቲ ፈትዮም ከሳብ ዝፀልኡ ከም ምን ይህንኩቶም ኣሎ። ከቶና ዝመፃ ይላፀያ ኣለዋ። ብዝርድኦም ቋንቋን ጣቋን የዘርበዎም ኣሎ።

እወ !መሬት ትግራይ መቓብር እምበር መፀንደሪት ወረርቲ ኣይከትከውንን ኢልና ብዝኣተናዮ ቃልኪዳን መሰረት፣ ኩሉ ኣብ ሓርፋፍ ኣፃብዕትናን ኣብ ጥበበኛ ትልምናን ኣእቲና እቲ ታሪኽ ንቕልሶ ኣለና። ድሮኳ እቲ በቡኮርኾዑ ዝኣተወ ዘይተኣደነ ኣፅዋርን ጋዕገልጠምን ከም በረድ ሓቒቑ። ሽሾ ሰራዊት ዳግማዊ ደርግን ኣራዊት ኢሳያስን ኣብዘይናቶ መሬት ዝንነር ታሪኽ ከይገደፈ ከም ቆፅሊ ሓጋይ ረጊፉ።

ዝተወረረ ሓጨመጨ ግዛ ከዕዕና ዝርንውንው እናበሉ ዝሰደድዋን መኻይን ፤ ዘይተኣደነ ሬሳ እናፀዓና ኣብ ሕቡእ ቦታ ንኽቕብርኦም ንኤርትራ ይምለሳ ኣለዋ። ድሮኳ እተን ሓዊ ከኽዕዋ ዝተላእኻ ታንክታትን መዳፍዕን፣ ብሓየት ህዝባዊ ሰራዊት ትግራይ መኺኽን ልክዕ ከምቲ ቀደም "ኣብቲ ኀቦ ኀቦ ናይ ምናታ – መኪናኻስ ኣብኡ ኣላ መሬታ" እናተባህለ ብዘበን ጥልያን ዝድረፍ ዝነበረ ኮይነን ኣብ ሸናጥሮን ገደልን ትግራይ 40 ዓመት ወዲቀን ዝመረታ ከመስላ ተገምቢወን ተሪፈን። ሰራዊት ወረርቲ፣ ኣብ ባሕሪ ታኒካ ማይ ዘቕበሎ ዘይብሉ ህዝቢ ኣትዩ፣ መሬት ፀቢባቶ ሰማይ ፈሪስዎ ዘርዋ ዘርዋ ተሓንዚፉ። "ጠማዕ ምስ ለዘሰ መጥምጥ ፤ ሓዊን ምስተርከሰ ቀጥቅጥ" ከምዝብሃል ህዝባዊ ሰራዊት ትግራይ ፤ ነቶም ዝረሰኑ ሓፃዊን ወረርትን ነቶም ብብድዐ ዝኣወሩ ወረርትን ኣብ ዝጥዕሞ ቦታን ኩነታትን እናርከበ ባይታ የዝብጦም ኣሎ።

እወ ኩሉ ናይ ጊዜ ጉዳይ እዩ። ወያ ኣብ መዓሕፍቲ ታሪኽ ዓለም ኣብ ኣንቀፀ ብርሃን ወይከዓ ቀዳማይ ምዕራፍ እትጥቀስ ትግራይ፣ ሕዝውን ኣብ ልዕሊኣ ንዝተኻዕወ ጓሓፍ ታሪኽ ከትቕንጥጥ ግመ ባሩድ እናጋለሀት ትርከብ። ኢታ እኖን እናሓጎን ዛንታ ዝኾነት ትግራይ፣ ንሰብ ዝተለዝሰ ፀጋ ብዘይተዋህበ ግፋሕን ምድር ተኸቢባ ከነላ፣ ህልውንኣ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዓለም ንዝተዋህባ ጉልላት ከብሪ ንኽተውሕስ ኣብ ሓያል ብርከይዶ ብርኽኻ ግጥም እያ ዘላ። እዚ ማለት ግን ኣብ ዝኾነ ዋሕዚ ታሪኽ ወራሪ ከስዕር ተሪእዩን ተሰሚዑን ከምዘይፈልጥ ኣንዳዕዲዕና እናፈለጥና እንዝብር ግጥም እዩ።

እወ ኮናት ግብሪ ደም ዝሓትት ዝልዓለ ናይ ፖለቲካ ጠላዕ ምኣኑ ናይቲ ዓውዲ ጠበብቲ ይዛረቡ። ካልእ እሞ ግደፍዎ፣ ቅድሚ 2500 ዓመታት ዝነበረ ሰን ዙ ዝተባህለ ቻይናዊ ፈላሰፋ፣ "ጥበብ ኮናት" ኣብ ዘርእስታ ዘመን ተሳጋሪት መፅሓፉ፣ ኩናት ማለት ከልቲኦም ተፋለምቲ ብኸሳራ ዘወራርድዎ ፤ ግጥም ሞትን ሕየትን እዩ። ምእንተዙይ ደማ ኣብ ኩናት እቲ ዝበለፀ ስትራቴጂ፣ ትልሚ ኮናት ፀላኢ ምፍሻል እዩ ይብል። ብንፁር ኣዘረርባ "ኮናት ብርሑቕ ከትርፍ ዝኸእል እዩ ሰዓሪ" ይብል። እዚ ዝተረድኦ መራሕቲ ፤ ኩሉ ሰላማዊ ባእታ ከሳብ ተሓኺኹ ዝውዳእ ንኹናት ኣይህንደዱን። ፕረዚደንት ቻይና ነበር ሁጁንታኦ ፤ ብ2016 ሚያዝያ ዓዶም ንኽዕዘቡ ንዝመፅዎም ናይቲ ሻቡ ፕረዚደንት ኣሜሪካ ጆርጅ ደብሊው ቡሽ ፤ ብውልቆም ሰን ዙ ዝፀሓፋ ጥበብ ኮናት እትብል መፅሓፍ ለጊሶምሎም። እዙይ ማለት ኩናት ተዓዋታይ የብሉንም ከይትሓስቦ ዝብል



Scanned with CamScanner

መልእኽቲ "ካብ ጉይይ መዓል ክሳድ ብምሓዝ" ንምምሕላፍ እዩ። ብሸን ኣሜሪካውያን ጀነራላትን ነታ መፅሓፍ ኣንቢቦምዋ ከምዝኾኑ ተሰፋ ይግበር። እዙይ እዩ ልብምናን ኣስተብህሎትን ማለት።

ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ሕዚ ዝኒሄዉ መራሕቲ ግና ፤ ኩናት ብርሑቕ ንኽትርፉ ወተሃደራዊ ዶክትሪን ዘንበቡ ኣይኮኑን። የግዳስ፤ ኢሳያስን ኣብይን ዓወት ዝረጋገፅ ብሳንጃን ጠበንጃን (blood and iron) ኢሎም ዝሓስቡ ናይዚ ዘመን ቢስማርካውያን እዮም። ኢሳያስን ኣብይን "ኣብ ኩናት እቲ ዝለዓለ ዘማድስ ዓወት እምበር ህልቀት ሰራዊት ኣይኮነን" ብዝብል እስታሊናዊ ግብዝ ኣተሓሳስባ ዝነፍፁ ናይዚ ዘመን ጫፍ ድንቁርና እዮም። ብእኒ ወዲ ሓሊባይን ርእሲ ምራኸን፤ ብእኒ ባጫ ደበለን ብርሃኑ ጁላን ዝኣመሰሉ ቡኸራ ድንቁርና ኩናት መራሕኻስ ይትረፍ፤ ኣብ ጊዜ ሰላም ሓፅቢ ንኽትሃንፅ መራሕኻ ዝፅወት ኣይኮነን።

ምእንተዙይ ድማ፤ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ኩልኹም፤ ንኹናት ይትረፍ ንደቓቕ እኳ ከመርሑኹም ብዘየተዓደሉ ማፀይቲ ደም ሓራግፅን ኣፍዑትን ትምርሑ ከምዘለኹም ሕዚ ውን ኣይዓረበትን ተብራብሩ። ከምቲ መራሒ ትግራይ ብተደጋጋሚ ዝበሎ፤ ኣንታ ከም ፅምብላሊዕ እናጠንግካ ንኽንቱ መንቱ ናብ ሓዊ እትጥበስ ዘለኻ ኤርትራዊ ፤ ባጊድ ብተኣምር ዝተረፍካ ናብ ዓድኻ እግርኻ ኣኪብ። ከልተ ጨጉሪ ኣብቅልካ ከንስኻ፤ ብሓደ ኢድካ ሰሬኻ እናንተትካ ብሓደ ኢድካ ክላሽን ሒዝካ እሞ ምስ ደቅኻን ደቂደቅኻን ተዕነኒ ዘለኻ - ኣብ መሬት ትግራይ ብኣፍ ልብኻ ካብ እትስጣሕ ኤርትራ ኬድካ ድሕሪ ቤትካ ጫኾር። ኣንታ ካብ ጉዕዞ ህይወት ብማንካ ዘየልዐልካላ ሰገለግ ሰገን ኤርትራዊ ሻዕቢያውን፤ ኣብ ድቕድቕ ፀልማት መሃይምነት ፈፈው ካብ ምባል እስጊሮም ፤ ሰማይ በጊሕኻ መሬት እንተዘበጥካ ፈጺሙ ከትውድእ ኣብዘይትኽእል ውግእ እእትዮም ካብ ዘርግፉኻ፤ "ኣብ ከውሒ ኣይፅምድን" ኢልካ – ኪድ ሃፅ ኢልካ ዓድኻ ኣቶም ተመሃር።

እዙይ ምስዘይትርድእዎ፤ ኣብኣ ትረኽብዋ! ሰማይ ትሕት መሬት ልዕል እንተበለት ፤ ኣብ ፍትሓዊ ኩናት ስለዝፀመድና ንሕና ፈፂምና ኣይንስዓርን። ፍፁም ወይከ የለን ኣይንስዓርን...። ንሳ እያ... ኩይናታ ! ፀላእትና ኑቲ ውግእ ተዘይጅምርዎ ምሓሾም። እንተጀሚርዎ ድማ ብቕድሚ ደው እንተዘብልዎ ምሓሾም። ወይ ትማሊ ደው እንተዘብልዎ ምሓሾም። እንተዘየለ ድማ ሎሚ ደው እንተዘብልዎ ይሕሾም። ሕዚ ዝበልናዮም

**ድሮኺ እቲ በቡኩርንፁ**
**ዝኣተወ**
**ዘይተኣደነ ኣፅዋርን**
**ጋዕገልጠምን**
**ከም በረድ ሓቒቑ።**
**ሽሾ ሰራዊት**
**ዳግማዊ ደርግን**
**ኣራዊት ኢሳያስን**
**ኣብዘይናቱ መሬት**
**ዝንገር ታሪኽ ከይገደፈ**
**ከም ቀፅሊ ሓጋይ ረጊፉ።**

ብቕፅበት እንተዘይገይሮማ፤ ፅባሕ ክንብርዋ እዮም።

በሉ ኣብ ዘበን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተዘየሙት ደርፊ
እንጊደኩም ካብቲ ንፋስ ተሰፋን ዓወትን ዝነፍሰሉ
ሓራ መሬት ትግራይ ንሎሚ ከሳናበት።

ምሕባእ ምህዳም ንምት ኣይኽልከል
መዓልቲ መሪፀ ሲጋይ ኣይትቕበር
መሰል ስድራ ቤተይ ብደርጊ እንትድፈር
ምሕጋዝስ ይትረፍ ብንመድ እሳበር
እነ ብቐምጠይ – ጣብያይ ከትቃፀል
ካብ መን ተወሊደ እየታ ትግራየ ትድፈር
ሕዚ ዘላ ጉልበተይ ኣብ ኩሉ ትማቐል
ኣብ ትግራይ ተሪፈ ንወራር እሕፍር!!

ብዓወት የራኽበና

ክፍሊ ምስንዳእ መፅሄት ፅረመፅ ነዚ ብመስተንክራዊ ትሕዝቶታት ዝተመልአ ታሪኽ ኣርትዖት ክሰርሑ ሓቦ ሰኢኑ። ኩሉ ኣብ ስምዒት ኣትዩ። ዝኸኣለ ተንፊሱ፡ ገሊኡ ድማ ብውሽጡ ናብ ውሽጡ ምእንተ ባዕሉ ዝሕንዝሕ ነቢዑ። እነሆ ድማ ታሪኽ እዚ ዘመን፡ ታሪኽ እዚ ወለዶ በዓልቲ ታሪኽ ከምዝፀሓፈቶ ሓንቲ ፊደል ከይተተንከፈ ቀሪቡልኩም ኣሎ። ሰናይ ንባብ።

# ኣብታ ቅፅበት ህዝቢ ትግራይ ከም ዝሰዕር ዶ ሓሲብካ?

16/09/2013 ኣ/ትግራይ

ማዓረይ፡ እነ ኣብ ብብርሃኑ ፀልማት፡ ብምውቔ ቁሪ ግዘይ ኮፍ ኢለ'ለኹ። ትርጉሙ ድኣ ንእሱ ዝበር ግዘስ መሊኡኒ። ስለዚ ብዙሕ ነገር ኣሓስብ ኣለኹ። መግኢ ህይወተይ ስለዘኸተመ ሕሉፈይ ክዝከር ግድን ኮይኑ። ንስኻ ግን ቅፅበት ጥሪሕ እያ ነይራትካ። ንዓድኻን ህዝብኻን ግቡእኻ እናተዋግእኻ መስዋእትነት ህይወት ከም ዝኸፈልካ ትግሊ ሰሚዐ። ቅድሜኻ ይስጥሐኒ ዓለመይ።

ሓላለይ፡ ኣብታ ቅፅበት፡ እነን ንስኻን ንመጀመርያ ዝተላለናሉ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 1995 ዓ/ም ምንባሩ፡ ክልቲና ብርሒቕ ጥሪሕ ንፋሰጥ ተምሃሮ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዝነበርናሉ እዋን ንስኻን ኢእፅርኹትኻን ናብ ክፍሊ እንትትኣትዉ ሓሚመ ኣብ እምኒ ተደጊፈ ኮፍ ኢለ ከም ዝረኸብኩምኒ፡ ሓላለይ ርህራሄ ዕጥቁ ድማ፡ ደፍተርካ ናብ ሓደ መሓዛኻ ሸው ኣቢልካ ተሸኪምካኒ ናብ ጥዕና ጣብያ እቲ ግቢ ከምዝኸድካ፡ ሪፈር ተባሂለ ኣብ ሆስፒታል ጥቁር ኣንበሳ ምስ ደቀስኩ ድማ መሊኡ ክሳብ ዝድሕን ከም ዘላዓልካንን ከትዝከር ብፍፁም ግዘ ኣይነብረካን።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝሰዕር ዶ ሓሲብካ?

ዓለመይ፡ ኣብታ ቅፅበት፡ ሰቡር ልቢ ስለ ዝነበረኒ ናተይ ከብለካ ነይሐ እዋንን ብዙሕ ውግእ ውረድን ኬሕልፍ ግድን እዩ እንተነበረ፡ ሳላ ትዕግስትኻ፡ ሓልዮትካ፡ ቅንዕናኻን ብሓፈሻ ምዕሩይ ስብእናኻን ኣብ መወዳእታ ሓኪም ቁስለይን ሓባሪ ንብዓተይን ከምዝኾንካ ከትዝከር ግዘ ኣይትረክብን።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝሰዕር ዶ ሓሲብካ?

ሓኪመይ፡ ኣብታ ቅፅበት፡ ከፍተተይ ከም ምሓዛ እናመላእኻ፡ ሕማመይ ከም በዓል ሞያ እናፈወስካ ምሉእነት ምስፈጠርካለይ ርክብና ፍረ ኣፍርዩ ናይ ሎሚ 12 ዓመት ቃል ኪዳን ከም ዝኣሰርና፡ ፅንሕ ኢልና ድማ ቦኺሪ ወድና ከም ዝወለድና ምልስ ኢልካ ኸተስተማቕር ኣይተዓደልካን።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝሰዕር ዶ ሓሲብካ?

ኣያይ፡ ኣብታ ቅፅበት፡ ክልተ ምቁራት ቆልዑ ኣብ ዘፍረናሉ ናይ ዓሰርተ ሓደ ዓመት ናይ ሓባር ንዕዘና፡ ናይ ወላዲ፡ ዓብይ ሓው፡ መሓዛን በዓል ሓዳርን ግደ ተዋጊእኻ ሱርካ ኣብ ዝቦቖለትላ ነቓፅ ልበይ እናንወደካ ብምኻድ ዓቢኻ ዓቢኻ ዓቢኻ ዓቢኻ ፀኒሕኻ ምስ ትፍለየኒ ንዘልኣለም ዘይፅገን ስንኩል ልቢ ሓዲግካለይ ከም ዝኸድካ፡ ካብ ሎሚ ንድሕሪ ኣሸንኳይዶ ኣብ ሓጓፍ ልበይ ኣብ ካርዲ መለለይ መንነተይ'ውን ዝትክእካ ከምዘይህሉ ምሕሳብ ዝክእለካ ኣይነበርን። እንኳዕ ኣይተኸኣለካ።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

መኣሙንይ፥ ኣብታ ቕፅበት፥ ክይድካ ኣብ ዘይውዳእ ዕርጋ ከንነይ፥ ሓልሓሊፉ ድማ ከንጉዓዘሉ እንደልዮ ፍጥንትን ከንክደሉ እንደልዮ መንገድን ብምፍልላዩ ኣብ ማእኸልና ምስሕሓብ እናተፈጠረ፥ ናይ ሓባር ፃንሒትና ክንድቲ ዝግበኣና ክምዘየስተማቕርናዮ ብንስሓ ከትፍትሸ፥ እቲ '........ ዓልና ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት መሊኣ ዩኒቨርሲቲ ምስ ኣተወት ከንነብሮ ኢና እናበልናዮ ዝነበርና ናይ ሓባር ሕልሚ ክምዘይሰኻዕ ተረዲኣኺ ከትትከዝ ኣይትኽእልን ነይርካ። እንኳዕ ኣይከኣልካ።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

ማዓረይ፥ ኣብታ ቅፅበት፥ ብዝዓባ እታ ቅድሚ ምፍልላይና ቅድሚ ሒደት ማዓልትታት ንፅምና ካብ ዝወፃናሉ ቦታ ምስ ሒፃእ ፍሒርና ኣምፂእና ኣብ ድሕሪ ገዛና ዝተኸልናያ ተኽሊ ቀላሚንጦስ ከትዝክር ኮነ ንዓይ እንታይ ማለት ከም ዝኾነት ከትግምት ኣይሕሰብን። እንተትዝክር እማ ነይርካ፥ ብሰንኪ ምጥፋእ ማይ መቐለ ሻንጋ ተሸኪምና ናብቲ ቦታ ከም ዝኸድና እሞ ኣብ ወራዲ ሩብ ርእሰይ እንትሕፅብ ማይ ናጩጓዕኻ ከም ዘፍሰስካለይ፥ ኣነ እውን ብግደይ ከምኡ ከም ዝገበርኩ፥ እቲ ሩብ ማዩ ቀኒሱ ስለ ዝነበረ ውሕጅ ክረምቲ ፀሪጉ ዝወሰዶም ብርከት ዝበሉ እፅዋት ኣብ ወሰና ወሰን እቲ ማይ ቦቒሎም ምንባሮም እሞ "እዚኣም እኮ ክረምቲ ክሞቱ እዮም። እኳንዶ ሓንቲ ቀላሚንጦስ ወሲድና ነዕቢ!" ኢልካስ ሒዝናዮ ዝኸድና ሻንጋ ደፊእና እታ ፈልሲ ቀላሚንጦስ ምስ ጭቃኣ ኣብታ እንዳ ሻንጋ ኣቐሚጥና ከንምለስ ከንብል ድምፂ ሚጋት ደርጋውያን ሰዒቡ ዝሰማዕናዮ ተኹሲ ሚሳይላት ኣደንጊፁና ሓውሲ ጉያ ናብ ደቅና ምምላስና፥ ድሕንነት ደቅና ድሕሪ ምርግጋፅ ድማ ንስኻ እታ ፈልሲ ቀላሚንጦስ ከም ዝተኸልካያን ኣነ ድማ ማይ ከም ዘስተኹዋን ኮለል ኢሉ ምተርኣየካ። ሎሚ እታ ቀላሚንጦስ ጠጢዓ ከም ሳልሰይቲ ውሉደይ እፈርሐካን ብሓደራ እሕብሕባን ኣለኹ። እሀ፥ ካብ ዕድመኺ ዕድመኣ ከነውሕ መን ሓሲቡዎ ነይሩ! እንተኾነ፥ ንዚ ኹሉ መዓዝ ከተርከበሉ ዓለመይ!

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

ሕሉፈይ፥ ኣብታ ቅፅበት፥ እታ ኣብ መበል 45 በዓል ፀ የካቲት ቁስሊ ቀዳሞት ስውኣት ኣያታትናን ኣደታትናን ኢሕሚሙና ሓቢርና ሰሚዕና ሓቢርና ዝነባዕናላ "ምዝከርካኒ ዶ?" ትብል ናይ ድምፃውያን ትምኒት ወልዳይን ኢፍሬም ኣማረን ደርፊ ዘኪርካ ንብዓትና ንባዕልና እውን ምንባሩ ከትፈልጥ ኣይከኣለካን ነይሩ።

**ሎሚ እታ ቀላሚንጦስ ጠጢዓ ከም ሳልሰይቲ ውሉደይ እፈርሐካን ብሓደራ እሕብሕባን ኣለኹ። እሀ፣ ካብ ዕድመኺ ዕድመኣ ከነውሕ መን ሓሲቡዎ ነይሩ ! እንተኾነ፣ ንዚ ኹሉ መዓዝ ከተርከበሉ ዓለመይ !**

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

ምልምላይ፥ ኣብታ ቅፅበት፥ እታ ስለ ኩነታት ስድራና ከንማኸር ወይ ቤታ ካብ ገዛና ወዓኢ ናይ ሓባር ግዘ ክንሕልፍ ተራኺብና ንስኻ ማክያቶኻ ኣነ ቡንይ ፉት እናበልና ኮፍ እንብለላ ዝነበርና ካፈ ዘኪርካ ድኹም ክምሲታ ከትልዓስ ከመይ ገይሩ ክከኣለካ? ኢቶም ምስ ደቅና ምሸት ምሸት ንንቀሳቐስሎም ዝነበርና መንገድታት ከተማና፥ ኢቶም ሰንበት ሰንበት ንሓኹረሎም ዝነበርና ግድምታት ዓድና፥ እቲ ደማቕ



Scanned with CamScanner

ወርሒ ብዝወፀት ቁፅሪ እድ ንእድ ተታሒዝና "ንቕፅል ዶ? እወ።" እናበልና ዝውር ነምሸየሉ ዝነበርና ናይሸው ሰላማዊ ናይ ሎሚ ግን ምሸት ምሸት ብኮማንድ ፖስት ዝሕሎን ንሰረቕቲ ጥራሕ ዝፍቀድን ሰፈርና ከተሲታውስ ድአ ማንዝ ግዘ ረኺብካ?

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

ሰበይ፥ ኣብታ ቅፅበት፥ ንምንታይ ስመይ ቀይርካ 'ብርኸተይ' ትብለኒ ከም ዝነበርካ ሓቲተካ ከም ዘይፈልጥ ውን ከብለካ ኣይኸእልን። ብሳላኻ ዝረኸብኩዎ ምሉእነትን ጥንካረን ብድሕሪኻ ይቐፅል ኣይቐፅል ከትጠራጠር እውን ከምኡ። ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?
ፍቕረይ፥ ኣብታ ቅፅበት፥ እታ ድቕድቕ ፀላም ኢዳ ከትከድን እንትትብል፥ ብዕለት 12 ሕዳር 2013 ኣ/ ት ምስ እንሓንእም ዝቐነዩ ደቅና 'ምሳና ተትኾኑ ይሕሸ። ከምዕእም ከድኩ።' ኢለ ወዝቢ እንትፍለየካ ደጊመ ከምዘይረእካ እንተትፈልጥ እሞ ኣፀቢቕ እንተትሰናበተካ ከትምን እኹል ግዘ ኣይነበረካን። እንኳዕ እውን ኣይነበረካ።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

ናፍቖይ፥ በብዝነበርናሉ ከንኮዓዝ ግድን ኮይኑ ስድራኻ ወግእ ቀዳማይ ዙር መዓት ኮይንና ብ19 ሕዳር 2013 ኣ/ት ናይ መወዳእታ ርክብ ስልኪ እንትንገብር፥ "ወዲና ኣለና ብርኸተይ," ምስ በልካኒ ፧

"ፅቡቕ ገይርኩም። እቲ መንገዱ ተረኺብናዮስ ከንሰዕበኩም ኢና እምበር ካብ እዚእም ዶ ድኣ ፍትሒ ከይንልምን!" ኢለ መለስኩልካ እሞ "እቶም ብዘይፈቓዶም ናብዚ ዓለም ዘምፃእናዮም ቆልዑ ኸሞ?" ኢልካ ምስ ሓተትካኒ ድማ

"ኣብዚ ኩነታት እዚ ኮይነ እሞ እንታይ ከገብረሎም ነይረ እየ። ድሓር ከዓ ቃልስና ሓዊርን መሪርን እዩ ዶ ትብሉ የለኹምን፥ ኩሓፅረልና ይኸውን።" ብምባል ንዝሃብኩኻ መልሲ

"ከኾን ዝበልናዮ ኩሉ ዶ ይኾን ሃልዩ ብርኸተይ!" ኢልካኒ ከም ዝነበርካ ከትዝክር ፈጺሙ ኣይሕሰብን። ወዮ ድኣ ኣይፈለጥካን እምበር ኣነ'ማ ሕድርኻ እውን ከይጠልም ቃለይ እውን ከይዓፅፍ ኣብ ሞንን ዕላማናን ደቅናን ከንክርትት እንሆ ሸዱሸተ ወርሒ ሓሊፉስ መንገድኻ ከይረኸብኩዎ ኣርሒቕካ ከም ዝኸሸካ እውን ፈሊጠ ኣለኹ። ዝወግኻሉ ዕላማ ሽትኡ ከሳብ ዝወቅዕ ብዝኸእሎ ኩሉ ከውፊ ቃለይ ይኹንካ፥ ፅጋበይ።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

ናተይ፥ ኣብታ ቅፅበት፥ ታሪኽ መስዋእትኻ ከዘንቱ ንዝተዓደለ ብፃይካ ኣብ ሓደ መፅሓፍ ደብዳበ ከም ዝሓደግካለይ ኣካፊልካዮ ምንባርካ፥ እታ ደብዳበ ዝሓደግካላ መፅሓፍ 'ዳኛው ማነው' እትብል ናይ ታደለች ሃይለሚካኤል መፅሓፍ ምንባራ፥ እታ ደብዳበ ዝፅሓፍካላ ዕለት 13 ሕዳር 2013 ኣ/ት ምንባራ፥ ምናልባት እውን እታ መፅሓፍ ምምራፅካ ትርጉም ምህላዉ ከተስተንትን ይኹን ረኺበያ እንተኾይነ ከትሓትት ኣይከኣለካን ነይሩ።

ግን ህዝቢ ትግራይ ከም ዝስዕር ዶ ሓሲብካ?

ብሩኸይ፥ እወ በለኒ። ምኽንያቱ እቲ ንእኻ ብምስኣነይ ዝተፈጠረ ሀጉም ሰጊረ ደቅና ኣብቲ ንምንየሎ ምዝነበርና ቦታ ንኸብፅሕ ኣወንታዊ መልሰኻ ስለ ዘድለየኒ።
ፍቕረይ፥ እወ በለኒ፥ ምኽንያቱ ኣብቲ ብንእስካ ዝኸድካዮ ካልኣይ ዓለም እታ ንደቅኻ ዝገደፍካያ "ብሂወት ንምርኻብ እንተዘይቢቓዕና እውን ሃገርኩም ትግራይ ኣረኪብናኩም ከንሓልፍ ኢና። ደጊምኩም ናብ ኩናት ከም ዘይትኣትዉ ጌርና ከንዓፅዎ ኢና።"

እትብል መፅብዓ ከም እትፍፀም ኣሚንካ ሕጉስ ከም ዝኾንካ ምፍላጥ እቲ ዝሓደግካለይ ሓላፍነት ብእግባቡ ንኸሸከም እምነ ኩርናዕ ኮይኑ ስለ ዝድግፈኒ።

ማዓረይ፥ እወ በለኒ፥ ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ከስዕር ስለ ዝኾነ።
ናትካ
ብርኸቲ ተ.



Scanned with CamScanner

# ቀቢጨኪ ናፃነት !

**ናይዝጊ ወዲ ቐሺ**

ከመይ ዝበለ ጠገለ ዘይብሉ ነገር ገጠመና!? ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ጀሚሩ ሓደ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ ብደገን ብውሽጢን ዝተበገሱ ተናሓናሕቲ ሓይልታት ኣሰር ጉዕዝኡ ጠፊኡ፣ ብካልኦት ስልጣነታትን ማእኸላት ስልጣንን ተወሪሱ ዘይከም እጀማምርኡ መጠረሽትኡ ድሕሪ ዓለሙ ኮይኑ ኣብ ዕንክሊልን ብልሓቱ ዘይፍለጥን ከባዊ ሰንሰለት ኩናት ይርከብ። ሰብኣዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ደሕንነታዊን ማሕበራዊን ቅልውላው ዘይፍለዮ፣ ናይ ካልኦት ሓይልታት ናይ ቴክኖሎጂን ፖለቲካዊን ሓሳባት ቤተ ፈተነ ኮይኑ ይርከብ።

ህዝቢ ይስደድ፣ መሬት ይግህፀፅ፣ ንዘበናት ኣብ ዝነበርካዮ ይንበር። ብተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣን ብሃፍቲን ኣዝዩ ምዕቡል ዝኾነ ከባቢና ሰኣን ሰብ መጫወቲ ናይ ደገን ናይ ውሽጢን ፀላእቲ ካብ ዝኸውን ከባቢ 2000 ዓመታት ከኸውን ምዝጉብ ታሪኽ ይምስክር። ናይ ህዝቢ በዝሒ ወሰኸ ይኹን ናይ ልምዓት ኣፋፍኖት ዘይረኣየሉ ዘበን እንትልወጥ ናዕቢ ዘይፍለዮ ሰብና ዝሰደደሉ ኮይኑ ይርከብ።

እንዊሉም ብዘይርእዩ፣ ሓላፍነት ብዘይስምምዑ፣ ፖለቲካዊ ወንበር ብዝሓዙን ንኪሕዙ ብዝንሓንሑን ውልቀሳባትን ሓይልታትን ተባሂሉ ንነዊሕ እዋን ኣብ ኩናት ዝፅመደሉ ኮይኑ ይርከብ። ኢሳያስ ካብቶም ዕድመ ልክዖም ሓለፍነት ዘይስመዖምን ንህዝቢ ትግራይ ካብ ፈለማ ጀሚሮም ናብ ደልሃመት ከእትው ተበጊሶም ዝሰለጦምን ሓደ እዩ። ድልየትን ርድኢትን ኢሳያስ ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይ እንትርኢ ኣብ በረኻ እንዳሃለወ ይኹን ቤተመንግስቲ ኣስመራ ምስኣተወ ዘይተለወጠ ኮይኑ ንረኽቦ።

ሐዚ ድማ ብተግባር ዓለም ዘሰንበደ ህዝቢ ናይ ምፅናት ሓሳቡ ብተግባር እንትፍፅም ዓለም ይዕዘብ ኣሎ። ቅድሚ ሽዱሽተ ዓሰርተ ዓመታት ንትግራይ ሓንቲ ንእሽተይ ኣውራጃ ኢሉ ብምዕራሕ ዝጀመረ ኢሳያስ መንግስቲ ምስኾነ እውን ከም ድላዩ ዝዕንድረላ ከትከውን ብዙሕ ፃዕሪ ጌሩ እዩ። ህዝቢ ከም ዘይብላ ብሓደ ሰብን ኣተሓሳስብኡን እትውከል ናይ ቀደም ኣካል ትግራይ ናይ ሎሚ ኤርትራ ብሕልሚ ቀትሪ ኣተሓሳስባ ኣብ ልዕላ ሰፍ ዘይብል መዝገዝ ትመዝገዝ ትርከብ።

ብግጉይ ርድኢት ዝተሰረተት እዛ ዓዲ ነደቕታ ንኣ ንክትህሉ ካልኦት ከጠፍኡ ኣለዎም ዝብልዎ ንመንግስታዊ ብርኪ ዘይጥዕም፣ ንዲፕሎማሲን ንፖለቲካን ነውሪ ዝኾነ ሓሳብ ብዘይሰኽፍከፍ ኣብ ምትግባር ይርከቡ። እዚ ሓሳብ ግን ከይዱ ከይዱ ሳዕቤን ሒዙ



Scanned with CamScanner

ምምፅኡ ኣይተረፈን። ብታሪኽ ዝተፈለየት፣ ብደም ዝነደቐናያ ሓዳሽ ውልዶ ሃገር ኢሎም ዝምከሑላ ዓዲ ምስ ጎራብታ ሓዊ ዘይትፅሕር፣ ምንጪ ቅልውላው ሃገራት ዝኾነት፣ ልምዓትን ዲሞክራሲን ዘይኮነስ ስደትን ሲቃይን እትፍልፍል ዓዲ፣ ሸኽሚ ዓለም ኮይና ትርከብ። ብዘይ መብረ ንዕድመ ልክዕ ዝገዝአ ዘሎ ንጉስ ኢታ ዓዲ ውልቃዊ ባህጉ ከሳኽዕ ከብል ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ ዘይተኣደነ ኢድኣታውነት ብምግባር ናይ ኤርትራ ጉዳይ ልዕሊ ዜጋታት ኢታ ዓዲ ጌርዎ። ቅድሚ ሓደ ክፍለዘበን ብሓይሊ ዝተገመሰት ኤርትራ፣ ነቲ እዋናዊ ሓቂ ብምቕባል ግን ድማ ሓደ እዋን ነገራት ከዕርዩ እዮም ብምባል ብምትስፋው ዝነረበት ትግራይ፣ ነቲ ሓዱሽ ሓቂ ተቐቢላ ገዚፍ መስዋእቲ ከፊላ ኣብ ዝተሳተፍትሉ ሃገርነት ኤርትራ፣ ኣብ ጣዕሳ ዘእቱ ትፍደ ኣላ። ብከልቲኡ ወገን ፅቡቕ ዘይረኸበት ትግራይ ኣብ መወዳእታ ብከልቲኡ ኣንፈት ብዝተኸፈተላ ከቢድ መጥቃዕቲ ኣዝዩ! ዘደንፁን ዘጉሂን መከራ ትቕበል ኣላ።

ኣብ ትግራይ እዚ መከራ ዝፈጠሮ ሓዱሽ ምዕባለ ይግውድ ኣሎ። ባህሪን ድልየትን ኤርትራ ምግሃዱ ሓደ ሓቂ ኮይኑ ንመዓኢ ብወገን ትግራይ ከግበር ዘለዎ ምትዕርራይ ዝሓበረ ኮይኑ ይርከብ። ኤርትራ ወራሪት፣ ናይ ካሊእ እተደለን እተፅኑን ከምኡ ድማ ህልውንአ ብግሁድ ኣብ ሞት ትግራይ ዝተሰረተ ከምዝኾነ ብግልፂ ተራእዩ። ተወዳደሪ ዘይብሉ ጭካነ፣ ምርሳይን ምዝማትን ሃፍቲ፣ ነውሪ ፍፃመታት እትፍፅም ባዕላ ንባዕላ ዝቑተለት ኮይና ኣብ ዓለም ተመዝጊባ። ብቐደሙ ብወገን ትግራይ ብሓዱሽ ምልኪታ ከዕሪ ዝነበሮ ስሑት ዋሕዚ ዝንታወ ብምኽንያት እቲ ሓዱሽ ከስተት ዘይተርፍን ግድንን ጌርዎ ኣሎ። እዙይ ቀቢጪኢ ነፃነት ዘብል ወድዓዊ ሓቂ ኮይኑ ይቕልቀል ኣሎ። እቲ ዋና ምቕንጣጥ ፀውራ ትግራይ ኮይኑ ተኸሲቱ ይርከብ።

ኢሳያስ ካብቶም ዕድመ ልክዖም ሓለፍነት ዘይስመዖምን ንህዝቢ ትግራይ ካብ ፈለማ ጀሚሮም ናብ ጸልማት ክኣትው ተበጊሶም ዝሰለጦምን ሓደ እዩ። ድልየትን ርድኢትን ኢሳያስ ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይ እንትርኢ ኣብ በረኻ እንዳሃለወ ይኹን ቤተመንግስቲ ኣስመራ ምስኣተወ ዘይተለወጠ ኮይኑ ንረኽቦ።



Scanned with CamScanner

# ክንዮ ምግሃስ ክብሪ ዋዕሮ ትግራይ !

ብ ሞናሊዛ

ብሄርተኛ ትግራወይቲ እንደየ፣ ጓልኣንስተይቲ እውን! እስቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ክትንፍስ!

ድሕሪ ዓወት ኻልኣይ ወያነ ትግራይ ዳግማይ ኩናት ክጓንፉ እዩ ኢሉ ዝሓሰበን ዘስተንትንን ትግራዋይ ዳርጋ ስለዘይነበረ መብዛሕቲኣና ተጋሩ መዓኢ ኣሚትና ዓለም ዝበፅሖ ናሕሲ ስልጣነን ምዕባለን ክንበፅሕ ፋሕጠርጠር ዝበልናሉ፣ ዋላ ብፋሕጠርጠርና ልክዕ ኣይኹን እምበር ኣብ መድረኽ ዓለም ኣንዳዕዲዕና እንምኽሓሎም ሊቃውንቲ፣ መሃዝቲን ተመራመርቲን ዘፍረናሉ፣ ኩለመዳያዊ ንቕሓተ ሕልና ደቂ ትግራይ ድማ ክብ ዝበለሉ ርብዒ ክፍለዘመን እዩ ሓሊፉ ኢለ ይኣምን።

ግን ግን ኣብዚ መዋእል ዝዚፍ ዝበሃል ስነልቦናዊ ብፍላይ ድማ ስነቁሳዊ ለውጢ ዋላ እንተተምግና፣ ፈታዊናን ፀላኢናን ክይመመና፣ 'ሰምዒን ወርቂን ቅኔ' ናይታ እንሃንጻ ዝነበርና እቱ ጅግናና "ኢታ ሽማ ኣኳ ከትዕወዓ እተሰከፈካ ሃገር" ኢሉ ብልካዕ ዝገለፀልና ሰናዕ ሃገር ክይፈታሕና፣ ኑቶም ሓሊምምዎ ዘይፈልጡ ሓርነትን መሰል ዓርሰ ውሳነ ዝበሃል 'ወርቂ መሰል' መስዋእቲ ኸፈሉ ንዘሃቦም ክዲዖም መዝዘ ፍቓዶም ንባርነት ኢዶም ዝሃቡ እልፈ መጣቓዕቲ ብሄርብሄረሰባት ኢትዮጵያ ተጣበቕቲ ኮይንና ንዓርስና ክይኮንና ብስከፍታን ጥበራን ዘሕለፍናዮ እዋን 'ምበር ምስ ልብና ዝተጉዓዝናሉ ግዘ ኔሩ ዝብል እምነት የብለይን(እወ ብዘይ ቃለዓለም ዓሺና እብል) ፀላእትና ግና ኣብ ክንዲ ኑቲ ብደምናን ኣዕፅምትናን ዘምፃእናዮ ሰላምን ምዕባለን ዘስተማቕሩ፣ ንብስወከፍ መዓልታት፣ ሰዓታት፣ ደቓይቕ፣ ሰከንድታትን ማይክሮ ሰከንድታትን ክይተረፈ 27 ዓመታት ከም ሓንቲ መዓልቲ ሽርሒን ውዲትን ኣብ ዝጣንና እንትፍሕሱ ውዒሎም ይሓድሩ እዮም ኔሮም:: እዚ ዝፍሕስዎ ውዲትን ሽርሒን ዝፍፅሙሉ ዘራይ ግዘ ክሳብ ዝረኽቡ ድማ ብመልሓሶም ለመፅመፅ እናበሉ እንተወድሱና ብልቦም ግና ብባርነት ክድዕኹና እንተኮይኖሎም ድማ ኣሰር መሰደርና ክጥፍኡናን ክፅንቱናን ዘኽእሎም መንገዲታት ሃቂኖም ሕንዘም እናነገሱ እዮም ዕምሮም ኣሕሊፎምዎ::

ፀላእትና እዚ እንትገብሩ ወዮም ገርሀታት ንሕና ተጋሩ ድማ ክሳብ ኩናት ኣብ ገበላና ዝበፅሕ እኹል ክይተዳለና፣ ወለዶና ብታሪኽ ሰሚዕና ጥራሕ ዘሰከሐናን ወለድና ድማ ክንደይ ዝኸፈልሉ ኩናት ዝበሃል ዕጫ ወለድና ክንርከብ ግድን ኮይኑ:: ኩናት በለዒ ሰብ፣ ኩናት መብረሲ ንዋይ ዓዲ፣ ኩናት ኩለመዳያዊ ኪሳራ! ታሪኽ ዓለም ኩናት ካብ ዘስዕቦም ዕንወታት ኢሉ ካብ ዝመዝገቦም፣ክንዲ ኹናት ትግራይ ኣብ ሓዊር ግዘ ዘተኣናገዶ ግፍዒን በደልን ይህሉ እዩ ኢለ ኣይሓስብን:: ስለምንታይሲ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኩናት፣ ኩናት ጥራይ ክይኾነስ ቅሉዕ ወፍሪ ምፅናት ዓሌት ስለ ዝኾነ እውን እምበር። ፀላእትና እዚ ኩናት እንትእውጁ ትግራዋይ ብኣፈሙዝ ክሰኩንዎ ከምዘይክእሉ ኣፀቢቖም ስለዝፈልጡ ብዝኾነ ይኹን መማረፂ ዓቕሞም ዝፈቕዶ ኩሎም ኣማራፂታት ምፅናት ዓሌት ፈፂሞም ካብ ዝወምድሪ ክጥፍኡና እዮም ዝሃቀኑ::

ብጥይትን ብጥምየትን፣ ብዓመፅን ክትራንን ፣ ኮታስ ብኹለመዳይ እዮም ገጢሞምና። ኣብ



Scanned with CamScanner

ልዕሊና ዝኣወጅዎ ኩናት ምዕናት ዓሌት ከዐውቱ ኪብ ዝመረፅዎም ሜላታት እቲ ሓደ ድማ ወፍሪ ምምካን ማህፀን ትግራይ እዩ(ጭካነን ድሕረትን ፀላእትና መወዳእታ ኣይብሉን መቸስ!) ፀላእትና ግዝ ረኺብና ኢሎም ኣብ ልዕሊና ካብ ዘውርድዎ ዘስካሕክሕ ዮታዊ መጥቃዕቲን ከንዮ ምግሃስ ክብሪ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ፀላእትና ዝሃቀንዎ ውዲትን ዝጥምት ሓሳበይ ከተንፍስ ብሂገ፡፡

እዚ ኩናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝኣወጀሉ ፃት ጀሚሩ ፀላእትና ኣብ ግንባር ዝበፅሖም ዘሎ መዳርግቲ ኣልቦ ኪሳራታት ሰንሰን እንተብሉም ሕነ ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት ከም ዝበሃል ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ተጋሩ ሕነ ምፍዳይ ንምጅማር ን ፃት ‘ውን ኣይተዓዝሱናን፡፡

ነዚ ሰዒቡ ድማ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ትግራይ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ግዳይ እዚ መጥቃዕቲ ኮይነንን ይኾናን ኣለዋ፡፡ ዕድመእን፣ ኩነታት መነባብሮእንን ባህላዊ ክብርታተንን ብዘየገድስ ካብ ከብረንዕህነእን ዝሓለዋ ደናግል ክሳብ መናንያን ደናግልን ኣንስቲ ቀሻውሽቲን ካህናትን ፣ ካብ ነብሰፁራትን ሓራሳትን ክሳብ ቆረብቲ ሰገድቲ ደቂ ሰማንያ ኣረጋውያን፣ ካብ ንሎእን ዘይፀንሰ ኣይኮነን ከትደፍረን ከትርእየን እኳ ዘሰሰዓ መላምል ሰገናት ክሳብ ኣብ ቅድሚ ኣሚነንን ውሉደንን ክብረን ዝተጋህሰ ሓደሽቲ መርዑት ፧ኮታስ ብዝኾነ ኢጋጣሚ ኣብ ኢድ ፀላኢ ዝኣተዋ እርንባት ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ኩለን ብዘስካሕክሕ መልክዑ ክብረን ተጋሂሱን ይገሃሳን ድማ ኣለዋ።

እዚ ዓለም ዘድንፀወ ካብ ብኣምሳያ ፈጣሪ ዝተፈጥረ ዝበሃለሉ ወዲሰብ ትፅቢት ዘይግበር ተግባር ዕምቆተን ዕልወኡን ብመጠኑ ንምግንዛብ እቲ ሓደ ትግራዋይ ኮይንካ ምርካብ(ባንዳ ዘይኾንስ ናይ እማን ትግራዋይ!) ምናልባሽ ካብኡ ብዝዛየደ ድማ ከማይ ጓልእንስተይቲ ኮይንካ ምሕሳፍ ከድሊ ይኸውን፡፡ ሲጋዊ ርከብ ተግረርቲ ዮታ ንቡርን ካብቶም ናይ መጀመርታ ፍጡራን እዛ ምድሪ ኣዳምን ሄዋንን ዝብገስ ተፈጥሮኣዊ ዑደት ምኺኑ ፀሐይ ዝወቅዖ ሓቂ እዩ፡፡ ብዘይ ሰናይ ፍቃድ ኣገዲድካ እንትፍፀም ግና ኣካላዊን ስነ ልቦናዊን ፀቕጢ ምፍጣሩ ባህሪያዊን ወድዓዊን ስለዝኾነ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓለም ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዘ ዓለማዊን ሰማያዊን ሕጊ ዝጠሐሰ ተግባር ይኸውን፡፡

ዋላ ‘ውን ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሕ ዮታዊ መጥቃዕቲ ብፍላይ ድማ ምድፋር ( ዓመፅ) ሰዒቡ ዝብየን ብይን ዋላኳ ንክብረን በሰላን እታ ጓል ኣንስተይቲ ዝምልስ ፍትሒ ዘንግስ እዩ እንተዘይተብሃለ ዓለማዊ ፍርዲ ስለዝኾነ ፍፁም ከኸውን ትፅቢት ኣይግበረሉን እሞ ዘይመሉእ ግና ፍትሓዊ እናበልና ኢና መዋእልና መፂና፡ ፡ እዚ ማለት ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝኾነ ዓለም ኣብ ዝኾነ እዋን ከጋጥም ዝኽእልን ዘጋጥምን ዕረ እናጠዓመካ ‘ውን እትውሕጦ ዓለማዊ ጌጋ (The ugly normal) እዩ ከም ማለት እዩ፡፡

**ናይዚ ሰይጣናዊ ወፍሪ መራሒ ኣብ ታሪኽና ዘይርሳዕ በሰላ ዘንብር ዘሎ ኣብይ ካብ ማህፀን ኣዲኡ ዝተወልደ መግምዲ ጓልሄዋን ኣቦ ደቂ ኣንስትዮ ምኻኑ ከይዘንገዐ “ እነሱ የተደፈሩት በወንድ ነው፡ ፡ የኛ ሰራዊት ግን የተደፈሩት በሳንጃ ነው፡፡” ብምባል ምዕናት ማህፀን ትግራይ ክሳብ ክንደየናይ ከምዘሰገዐ ኣብ ኣደባባይ ተጠሊዑ ድምብርፅ ክይበለ ኣይምተዛረበን፡፡**

ነዚ ድማ እዩ እዚ ሎሚ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዝወርድ ዘሎ መዓት እንትሓሰብ “መርዓስ ይትረፍኩን ዓድኹን ሕነይ” ዝብል ምስላ ወለድና ቀዲሙ ናብ



Scanned with CamScanner

ሕልናይ ቅድሚ ዝብለኒ፡፡ እዚ ዘሪይ ግዘ ዘምፀአ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ካብ ተራ ስምዒት "ሰብኣያዊ" ወተሃደራት ኣብይን ኢሳያስን ዝነቅል ተራ ገበን ኣዮ ኢሉ ዝሓስብ ትግራዋይ እንተደኣ ሃልዩ ገርሂ እዩ፡፡

ከምኡ ተገዲዱ ደኣ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ከሳብ 23 ዝኣኸሉ ብዕስለ ንልዕሊ ሰሙን ከብራ ግሂሶም ማህፀና ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ከምዝኾነ ርግፀኛ እንትኾኑ ኣብ መንገዲ ኣይምደርበይዎን፡ ፡ ከምኡ ተገዲዱ እማ ጎሉኣን ዘይፀንዐ ዕድመኣን ካብ ዓሰርተታት ዘይሰገረ (teenagers) ከብረ ንዕህነኣን ግሂሶም እንተብቕዑ ምዕጋብ ኣብይዎምስ መሓውረን 'ውን ቆራሪፆም ኣካላዊን ስነ ኣእምሮኣዊን በሰላ ኣብ ዕምረን እንቢሮም ኣይምገደፍወንን፡፡ ከምኡ ተገዲዱ ደኣ ዓለም መኒንን ብድንግልነኣን ዝፀንዓ መንፈሳውያን ተጋሩ፣ ኣንስቲ ኣቕሽቲ፣ ቆረብቲ ሰገድቲ፣ ደቂ ሰማንያ ምንማንያ ኣዴታት ትግራይ ብረሳሓት ወተሃደራት ከብረን ኣይምተጋሃሰን፡፡

ፀላእቲና ውራዮም ኣንዲድካ መንፈሲ ስምዒትካ ናይ ምግባር ገበን ጥራይ ስለዘይኮነ፣ ደፈሮምን ዓሚፆምን ከብቅዑ እቲ ኣብ ልዕሊኣን ዝበፅሐ በደል ዕላምኡ ተገንዚበን ዘይተንበርከኻ እቲ ወፅዓ ዘሐረነን ዕኑዓት ከም እምኒ ዓረ ኮይነን እንትርከባ ድማ ንዘንተኣለት ማህፀንን ከንቱ ንምግባር፣ ኑቲ ኣናሽው ጅግና ዘፍሪ ማህፀን ትግራይ ብርሱን ሓፂን ኣይምረሸሽዎን፣ ኣብ ማህፀን ኣዶ ትግራይ ኣይኮነን ከትፍፅም ከትሓስቦ ውን ዘሰካሕክሕ ባዕዳዊ ነገራት ኣይመእተውን፡፡ ከምኡ ተገዲዱ ደኣ ብዕስለ ደፊሮም እንተብቕዑ ብስቃይን ቃንዛን ንዕሀቲ ጓል ኣንስተይቲ ትግራይ ኣይመባጨውን፡፡ ኣፍ እውዒኣም ድማ" ደምኪ ነፀርየልኪ ኢና ዘለና ብመንነትኪ ኣብ ገፀምድሪ ከትንበሪ ስለ ዘይፍቀደልኪ ነምሐርሕረኪ ኢና ዘለና" ኢሎምተረጊፆምኣይምፈከሩን፡፡ ከምኡተገዲዱንደኣ ናይዚ ሰይጣናዊ ወፍሪ መሪሒ ኣብ ታሪኽና ዘይርሳዕ በሰላ ዘንበር ዘሎ ኣብይ ካብ ማህፀን ኣዲኡ ዝተወልደ መፃምዲ ጓልሄዋን ኣቦ ደቂ ኣንስትዮ ምኳኑ ከይዘንገዐ " እነሱ የተደፈሩት በወንድ ነው፡፡ የኛ ሰራዊት ግን የተደፈሩት በሳንጃ ነው፡፡" ብምባል ምዕናት ማህፀን ትግራይ ከሳብ ከንደየናይ ከምዘዕገቦ ኣብ ኣደባባይ ተጠሲዑ ድምብርዕ ከይበለ ኣይምተዛረበን፡፡

ስለዚ እዚ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ብተራ ስምዒት ወተሃደር ዝነቅል እንተይኮነስ እቲ በቢ ዘመኑ ትግራይ ርእሳ ኣቕኒዓ ኣብ ኣደባባይ ዓለም ከትልለ ዘኸእላ ፣ እቲ ሚድያታት ዓለም "The powerfull minority " ብምባል ኣጀንዳ ዓለም ገሪም ብቁፅርና ውሑዳት ግን ድማ ዕፅንቶ ፈጠርቲ ምኳንና ከምስከሩ ዘገደዶም፣ ካልእ ይትረፍ ኣብዚ ሓዱሽ ወለዶ ኣርባዕተ ሃገራት ሙሉእ ዓቕመን ተጠቂመን ከምበርከኻና ከምዘይከኣላ ዘመስከረ ጅግንነትና ፣ ንዘበናት ንባርንት ኢድና ዘይንህብ ብኩሉመዳይ ንቑሓትን ጥንኩራትን ኮይና ከንውለድ ምኽንያት ዝኾነና ዘንተኣለት ጅግና ወሊዳ ዘይትርብርብ ማህፀን ትግራይ ብኢጋ ጀጋኑ ከየፍሪ ንምምካን ዓሊምም ኣካል እቲ ምዕናት ዓሌት ገሪም ሓይሎም ፀንቂቆም ዝወፈሩሉ ዓመፅ ስለዝኾነ እዩ፡፡

ነዚ ድማ እዩ ዓለም ኑቲ ኣብ ዳርፉርን ኮንጎን ተፈፂሙ ዓለም ዘቕጠዐ" rape as weapon of war " ኣብ ትግራይ ይፍፀም ኣሎ ብምባል ዝኹንኖ ዘሎ፡፡ እቲ ሓቂን ሚስጥራዊ ፍታሕ እዚ ገበንን ንምግንዛብ ከም ተጋሩ ከንዕገም ኢና ዝብል እምነት የብለይን፡፡ ምግንዛብና ግና ተገፊዕና ኢልና ከንንብዕ እንተይኮነስ በቲ ፀላእትና ዝመፅዎ ልክዕ ሓሪንናን ፀኒዕናን ዕድመ ፀላእትና ከነሐፅር ዘኽእለና ቃልሲ ከነካይድ እንተኽኢሉና እዩ ግርም፡፡ እንተደኣ ዘየለ ግና እዚ ንተግባሩን ንወርሑን ቀሊል ዕላምኡን ዕፅንትኡን ግና ሪዚን ዝኾነ ተግባር ግዘ ከይሃብና እተዘየዐገሰናዮ ንፀላእትና ዕላመኦም ከዐውቱ ምፍቃድ ጥራይ እንተይኮነስ ንወለዶ ዝተርፍ ዕዳ ነውሪ ከምዘለናን ፅባሕ ኑቲ ቀፃሊ ወለዶ እነረከባ ትግራይ ኢታ ካብ ወለድና ዝተረከብናያ ትግራይ ምስ ከብራ እትኾነሉ ዕድል ኣይህሉን ማለት እዩ፡፡

ኣየናይ ንመርፅ? ከም ህዝቢ ንክብርና መስዋእቲ ምኽፍል ዶ? ከብርና ናብ ዋጋ ዕዳጋ ምቕራብ?
ኢታ ካብ ወለድና ዝተረከብናያ ከብራ ዝተሓለወት ትግራይ ንቀፃሊ ወለዶ ምርካብዶ ወይስ ተሓተትቲ ታሪኽ ምኳን??.. ውሳነ ህዝቢ ትግራይ እሮማይ ንዑር እዩ!!!
ቃልስና ይንዋሕ ይሕፀር ፣ ይምረር ይጥዓም ብዘየገድስ፣ ዓወትና ናይ ግድን እዩ!!!



Scanned with CamScanner

# ትግራይ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ የለን!

# ትግራይ ኢትዮጵያ ኣይኮነትን!

**ካሰቢ**

Killing for pleasure ይብልዎ ፀዓዱ። ከላሽን ኣልዒሎም ይቕተሉ። ሰብ ኣኪቦም ብንቷጉ ይቕልዩ፣ ብኸቢድ መሳርሒ ዓይነ ዕሙተይ ናብ ዝውዓለ ይውዓል ሁር ይብልዎ፣ በል እንተኢሉዎም ድማ ዝረኸብዎ መቕተሊ መሳርሒ ኣልዒሎም ኽቡር ሂወት ከም ብዋዛ ይቐፅዩዋ። እዙይ እቲ ቀዳማይን ውሱን መቕተሊ መንገዲን እዩ።

ኣብ ልዕሊ ትግራይ ግን እዙይ እኹል ስለዘይኮነ ኩሉ መሰረታዊ መግልገሊ መሳርሒ ኣዕኒኻ፣ ዘሪፍኻ፣ ንሓገዝ ዝኣቲ ዝኾነ ዓይነት ነገር ከይህሊ ኩሉ ዓፂኺ ትዘርፍ። ምንም ዓይነት ሓገዝ ከይረኸቡ ከልኪልካ ፡ ሰብ ብጥሜት ከመውት፣ ብሕማም ከሳቐን ከመውትን ከፀንትን ትገብር። ሃይማኖታዊ በታታት ኮነ ኢልካ ከራኽሱ ትገብር። ከብሪ ብዘይፈልጥ ረሳሕ ኣራዊት ነቲ ክቡር ማህሌት ዝቐርበሉ ቅዳሰን ቑርባንን ዝካየደሉ ቅዱስ ስፈራ ተራኺሶ። ካብኡ እዚ ኩሉ ገይርኻ ምእኻል ምስ ኣበየካ እንስሳት ዝበልዕዎ ገለባ ብሓዊ ተቃፅል። ትግራዋይ ምቕታል ዘሐጉሶም ኣራዊት እዚ ዘመን፡- ከይትበልዕ እኽልኻ ወሲዶም፣ ከይትርዳእ መንገዲ ሓዊሪም ዝኣተወ ድማ ሰሪቖም፣ ከይትናገር ልሳንኻ ሓቲሞም፣ ከይትንብር ካብ ገዛኻ ንስጊሶም ኣውዒኦም ይቕትሉኻ!

ሂወትን ሞትን ሓንቲ እየን። ሓንቲ ጊዜ ትነብር ሓንቲ ጊዜ ትመውት፣ ኣኸለ። ክልተ ሞት የለን። በዚ ግዜ እዚ ሰብ ዝበሃል ፍጡረት ከንብሮ እዩ ኢልካ ከትሓስቦኳ ዘኸብደካ ነገር ኣብ ልዕሊ ትግራይ ተፈፂሙ። በዝሒ ድንቁርና ደዩ ወይ ካብ ፍጥረት ኣምላኽ ውዕእ ዝበሉ ፍጡረታት ግዲ ኾይኖም ትግራዋይ ቀቲሎም ኣይፀግቡን። ካብ ምሒር ፅልኣትን ስይጥንናን ዝተልዓለ ሓደ ጊዜ ንእንግሞታ ሞት ሽሕ ጊዜ ቀቲሎምና ኣይኣኽሎምን። ነቲ ፍሬሉ ዝበልዖ ኣብ መሬት ዝቐረ ፈረሲ ሲጋኣስ ትግራዋይ ስለዝኾነ ዕረፍቲ ከሊኦምዎ። እቲ መደንገፂ ነገር እዙይ ኩሉ ክገብሩ ኣብ ኽሳዶም ምልክት ድሕነት ክርስትያን ዝኾነ መስቀል የንጠልጥሉ። መዋቲ ታይ ገደዶ! እንተንሕና እግዚእ ምሓረና ክርስቶስ! ኣቤት እንታይ ኢኻ ተርእየናን ተሰምዐናን ዘለኻ ኣምላኽ ኣቦይ!? ክቡር ዝኾነ ሰብ ቀቲልኻ ስግኡን ነብሱን ፈላሊኻስ ኣብ ልዕሊኡ ጠጠው ትብል ብእግርኻ ትረግፆ? እሞ ድማ ንፁህ ኣይማዩ ኣይሰማዩ ትግራዋይ ኮይኑ ስለዝተፈጠረ ጥራሕ፣ ዋእ ደንፀወና ኮ እንቱም ሰብ!

ትግራዋይ ሓደ ጊዜ ጥራሕ ኣይኮነን ዝቕተል . . . ሽሕ ጊዜን ካብኡ ንላዕሊን እምበር። ከንዲ ዝኸእሉዎ ይቕትሉና ... ብጥይት ወቒዖም ቀቲሎም ምእኻል ኣቢዮምዎም፣ ዝወደቐ ኣስከሬን ኣልዒሎም ናብ ፀድፈ ደርብዮም ምእኻል ኣብዮምዎም፣ ነዳዲ ገይሮም ከቃፅሉ ነዳዲ ስኢኖም "በንዳጅ ነበር ማቃጠል" ... ኢቃሚሎም እቱ ዝተርፍ ዓፅሚ ከግህፁዎ ዶ ነይሮም ይኾኑ? ሓንቲ ጊዜ ንእትሓልፍ ትንፋስ ኣብ ልዕሊ ትግራዋይ ግን ሰለስተ ጊዜን ልዕሊኡን ከፍፅምልና ከኢሎም። ንሕና ድማ እዙይ ኩሉ እናገበሩና ካባኹም ሞት ትፍለየና ኢልና ተማቢቕና ንነብር። 'ናትና' ድማ እኒህው እርማይ 'ባንዳታት' ዝተሰየሙ፣ እዙይ ኩሉ



Scanned with CamScanner

እናንበሩና እናረአዩ ካባኹም ሞት ትፍለዮና ኢሎም ዝሕሸከሩ። ብፍቕሪ ከፍኣትዮጵያ(ከፍኣኢትዮጵያ ይሰመረሉ) ዝተለኸፉ ባዕሎም 'መራሕትኹም ኢና' ኢሎም ዝኣወጁ መራሕቲ መሰል ጭፍራ ኢጋንንቲ....

ስማኣት ወዲ ሰብ ዝበዝሕ ጊዜ ኣብ ከይዲ ቀፃልነት ምርግጋፅ ዘርኡ ዘድሀበ እዩ። ሓደ ዘርኢ ከም ዘርኢ ከቕፅል እንተኾይኑ ከይዲ ምርብሑ ውሑስ ክኸውን ኣለዎ። ተዘይኮነ ኣብ ሓደጋ እዩ ዘለኹ ኢሉ ይኣምን። ትግራዋይ ተባዕታይ ወዲ ዘርኡ ከይትከእ ተባሂሉ ቁፅሪ መቑንፀሊ ዕድመ ተቐሚጢሉ፡ ልዕሊ ሽወዓተ ዓመት። ኣሓትናን እኖታትናን ድማ ከድፈራን ከራኽሱውንን ኪጋሰሱውንን ተፈቒዱሎም። ፈቓድቲኸ(ባንዳታት) ኣብዚ ኣብ ዝበን ምጥፋእ ዘርኢ ትግራዋይነት ይሳተፉ ካብ ዘለው ኣራዊት ሓሊፉ ከበዝሕ እምበር ብዘይውሓደ መልከዑ ዘርእና ከጠፍእ ዝፈቐዱ ኣካላት እቶም መእንተ ከብደምን ቅልውላው ስነልቦንእም ንምዕጋብን ከብሉ መሳርሒ ዝኾኑ ሓሊና ዘይብሎም ካሕዳማት ተጋሩ ልዕሊ ማንም ተሓተቲ እዮም።

እንተ ከም ናተይ ርዲኢት እንተኾይኑ ካብ ትግራዋይነትን ትግራይን ከጠፍኡ ንሶም ይጥፍኡ። ምሕረት እንተረኺቦም ኣብ ሰማይ ፈጣሪ ባዕሉ ይሃቦም። ንሶም ቅልውላው ስነ ልቦንእም ንምዕጋብ እዚ ኩሉ ሚልዮናት ከፀንት እንተፈቒዶም ከም ውልቀ ሰባት ንዐእም ምጥፋእ ከመይ ደኺምና? እነ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ናይ እስራኤል ኣድናቒ ኣይኮንኩን ሓንቲ ዝፎትወሎም ነገር ግን ኣላትኒ፡ ዝበደሎም ከየጥፍኡ ኣይዓርፉን። ኣብቲ ዓብዪ ሀልቂት እስራኤላውያን ዝተፈፀመሉ እዋን ዋና ፈፀምቲ ዝብሃሉ ኣካላት ብምእራይ ዝግብእም ሂቦምዎም እዮም። ኣብቲ ናይ ሙኒክ ወንጀል ዝተሳተፉ እውን እንተኾኑ ሓደ ብሓደ እርይ ኣቢሎምዎም እዮም። እዙይ ኩሉ እንትኾን ግን ኣብ ልዕሊ ስድራን ቤተሰብን እቶም ዝበነኛታት ምንም ዓይነት ጉድኣት ኣየብፅሑን።

ትግራዋይነት መርገም ዝኾነሉ ዓዲ፡ ስነስርዓትን ሞራልን መግለፂኡ ዝኾነ ህዝቢ ከም ህዝቢ ከፀንት ከጠፍእን ዝኣዘዝሉን ዝበደልዎን ኣህዛብ መለዓዐሊእም እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ምግማቱ ቀሊል እዩ። ከም ሰብ ንምንባር ዘይፈቕዱልና ድማ

**በዝሒ ድንቁርና ድዩ ወይ ካብ ፍጥረት ኣምላኽ ውፅኢ ዝበሉ ፍጠረታት ግዲ ኾይኖም ትግራዋይ ቀቲሎም ኣይፀግቡን። ካብ ምሒር ፅልኣትን ስይጥንናን ዝተልዓለ ሓደ ጊዜ ንእንሞታ ሞት ሽሕ ጊዜ ቀቲሎምና ኣይኣኽሉምን።**



Scanned with CamScanner

0.11K/s 76% 2:38 PM

ትሕቲ ሰብ ዝሓሰቡ ኣራዊት ሰዲዶም ናብራና ናብራ ወዲ በረኻ ገይረሞ። እሞሲ እሶምሲ ጨለ ከም ሰብ ኩሓሰቡ ስለዘይከኣሉ በታ ኩሓሰቡላ ዝኽእሉን በታ ዘሳቶም ዓቕምን ከእሰትን ሓሲቦም ገይረሞ እውን ርኢናዮም፣ ንሕናኸ ልዕሊእም ንሓስብ እንተኾይንና እንታይ ክንገብር ኣለና? እንታይ ክንትርፍ ኢና ምስእም ተግቢቕና ? መን እዩ ኣሲሩ ሒዙና? እንታይ እዩ ኣደንዚዙና? ከም ህዝቢ ንምቕፃል ኣብ እንገብሮ ፃዕርን ቃልስን ህዝቢ ኮይንና ክንነብር ካብ ዘይፈቕዱልና ኣራዊት ከመይ ገይርና ምሕረት ንፅበ? ብዘርኣና ከፅንቱና ንዘመፁ ግፍዓውያን ሃይማኖት ኮነ ምግባር ዘይብሎም ኣራዊታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢና ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ዝፍፅምዎ ዘለው ግፍዒ ብምንታይ እዩ ክግለፅን ክፅቀንን? ተደፊረን እናበሉ መሞኮሪ ትሕትና ሓሳብ ዝንብሩናስ ንምታይ ይመስለኩም ? እንታይከ ይምልከቶም ኮይኑ እዩ ብዛዕባ ኣብ ኣኼሉም ዝተኻየደ ጨፍጫፍ መግለፂ ዝህቡ? ብዛዕባ ኣስመራ ወይ ገለ ክፋል ኤርትራ እምበር ብዛዕባ ትግራይ እንታይ ይምልከቶም ኮይኑ እዩ? እንታይኸ የሬኽበና? ኣተን ዝኽእሉወንን ዝፈልጥወንን ካብ ኣጠቓቕማ ቃላት ክሳብ መሳርሒ ኩለን ሓደ ብሓደ ኣብ ልዕልና ተጠቒሞምለን እዮም።

መጀመሪያ ስም ሂቦምና፣ "ትግርኛ ተናጋሪ" ብእትብል መርዛም ቃል ኩልና ናብ ሓንቲ ዘምቢል ኣእትዮምና። ቀጺሎም ሰይጣናዊ ባህሪ ብምሃብ (demoniz) ገይሮምና። ኣይኣኽሎምን። መሲሶም ካሊእ ስም ሂቦምና(ዋላ ትርጉሙ ኣይፍለጥዎ)

# ምስጋና ነቶም ብተፈጥሮን ሰብ ሰራሕ ፀገማትን ዘይብድሁ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ ይብጻሕ እምበር ህዝቢ ከምህዝቢ ንክብርሩና ዝመፁ፣ ህዉኢዎም ክንዲ ዝከኣሎም ዝገበሩን ገይሮም እውን ዘይሰዓሩና ርኹሳትን ትሕቲ ሚሒን ካሕዳማት ምስኪ ኣቲ ሰብኣይ ዝኾኑ ኣህዛብንማ እንተ ምሒርናዮም ኣይምሓረና እዩ።

ካሊእ ይቕረ ሰባት ዝእምንዎ ኮይኑ ዘይኮነስ ኣቲ ግፍዒ መሲኡ ካብ ምፍሳሱ ዝተልዓለ ኣቲ ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ ዝበሃል ማሕበረ ግዛዕ ምዛዕ በቲ ልሙድ ከልተ መልሓሱ ኣይሞቱን ምስ ሞይቶም፣ ኣይኣተውን ምስ ኣትዮም፣ ኣይ እየኣይ ቁፅሮም ከንድዙይ ኣይኮኑን ከንድዙይ እዩ ባ፣ ኣይተደፈራን "ጁንታ"፣ ደጊሞም ካሊእ ዓለምለኻዊ ስም ሂቦምና "ፈጠርቲ ራዕዲ"... እዚኣኣ "ነርዕዶ" ኣካል እዩ ዝፈላለ እምበር TDF ኣርዒዱዎም እዩ። ገና ድማ ካሊእ ይሕስቡና ይህሊ። ኣብዚ ሓንቲ ከስምረላ ዝደሊ ነገር ንምንታይ "ንሕና" ትብል ትብሉ ዘይንቓሕኹም እንተሊኹም ኩለን እዘን ስማትን ተግባራትን ደጋጊምኹም ሕሰቡወን ተዘይተራእዩኩም



Scanned with CamScanner

ትሕቲ ሰብ ዝሓሰቡ ኣራዊት ሰዲዶም ናብራና ናብራ ወዲ በረኻ ገይረሞ። እሞሲ እሶምሲ ጨለ ከም ሰብ ኩሓስቡ ስለዘይከኣሉ በታ ኩሓስቡላ ዝኽእሉን በታ ዘላቶም ዓቕምን ከእለትን ሓሲቦም ገይረሞ እውን ርኢናዮም፣ ንሕናኸ ልዕሊእም ንሓስብ እንተኾይንና እንታይ ክንገብር ኣለና? እንታይ ክንትርፍ ኢና ምስእም ተጣቢቕና ? መን እዩ ኣሲሩ ሒዙና? እንታይ እዩ ኣደንዚዙና? ከም ህዝቢ ንምቕፃል ኣብ እንገብሮ ፃዕርን ቃልስን ህዝቢ ኮይንና ክንነብር ካብ ዘይፈቕዱልና ኣራዊት ከመይ ገይርና ምሕረት ንፅበ? ብዘርኣና ከዕንቱና ንዘመፁ ግፍዓውያን ሃይማኖት ኮነ ምግባር ዘይብሎም ኣራዊታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢና ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ዝፍፀምዎ ዘለው ግፍዒ ብምንታይ እዩ ክግለፅን ክዕቀንን?

ተደፊረን እናበሉ መምከሪ ትሕትና ሓሳብ ዝንብሩናስ ንምንታይ ይመስለኩም ? እንታይከ ይምልከቶም ኮይኑ እዩ ብዛዕባ ኣብ ኣኸሉም ዝተኻየደ ጨፍጫፍ መግለፂ ዝህቡ? ብዛዕባ ኣስመራ ወይ ገለ ክፋል ኤርትራ እምበር ብዛዕባ ትግራይ እንታይ ይምልከቶም ኮይኑ እዩ? እንታይኸ የራኽቦና? እተን ዝኽእሉወንን ዝፈልጥወንን ካብ ኣጠቓቕማ ቃላት ክሳብ መሳርሒ ኩሉን ሓደ ብሓደ ኣብ ልዕልና ተጠቒሞምለን እዮም።

መጀመሪያ ስም ሂቦምና፣ "ትግርኛ ተናጋሪ" ብእትብል መርዛም ቃል ኩልና ናብ ሓንቲ ዘምቢል ኣእትዮምና። ቀፂሎም ሰይጣናዊ ባህሪ ብምሃብ (demoniz) ገይሮምና። ኣይኣኸሉምን። መሊሶም ካሊእ ስም ሂቦምና(ዋላ ትርጉሙ ኣይፍለጥዎ)

## ምስጋና ነቶም ብተፈጥሮን ሰብ ስራሕ ፀገማትን ዘይብድሁ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይ ይብፃሕ እምበር ህዝቢ ከምህዝቢ ንክብርሱና ዝመፁ፣ መፃኢኦም ክንዲ ዝከኣሎም ዝገበሩን ገይሮም እውን ዘይሰዓሩና ርኹሳትን ትሕቲ ሚሒን ካሕዳማት ምስኬ እቲ ሰብኣይ ዝኾኑ ኣህዛብንማ እንተ ምሒርናዮም ኣይምሓረና እዩ።

ካሊእ ይቕረ ሰባት ዝኣምንዎ ኮይኑ ዘይኮነስ እቲ ግፍዒ መሊኡ ካብ ምፍሳሱ ዝተልዓለ እቲ ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ ዝበሃል ማሕበረ ግዛዕ ምዛዕ በቲ ልሙድ ክልተ መልሓሱ ኣይሞቱን ምስ ሞይቶም፣ ኣይኣተውን ምስ ኣትዮም፣ ኣይ እየኣይ ቀፀርም ከንድዙይ ኣይኮኑን ከንድዙይ እዩ ባ፣ ኣይተደፈራን

"ጁንታ"፣ ደጊሞም ካሊእ ዓለምለኻዊ ስም ሂቦምና "ፈጠርቲ ራዕዲ"... እዚኣኳ "ነርዕዶ" ኣካል እዩ ዝፈላለ እምበር TDF ኣርዒዱዎም እዩ። ኻ ድማ ካሊእ ይሕሰበና ይህሊ። ኣብዚ ሓንቲ ክስምረላ ዝደሊ ነገር ንምንታይ "ንሕና" ትብል ትብሉ ዘይነቓሕኹም እንተሊኹም ኩሉን እዘን ስማትን ተግባራትን ደጋጊምኹም ሕሰቡወን ተዘይተራሕዩኩም



Scanned with CamScanner

ሕዚ እውን ደጋጊምኩም ኣናቡቡወን።

ኣብ ከሳዱ መስቀለ ክርስቶስ ዘንጠልጠለ ኣራዊት ኣብ ልዕሊ ሓደ ትግራዋይ ኣስከሬን እንተላግፅ፡ ዒስራ ኮይናም ኣብ ከብዲ ኣስከሬን ረጊፆም ፎቶ እንትስእሉ፤ ዝቐተልዎ ኣይኣኽሉዎምን ይመስለኒ ቁፅሪ ዝቐተሉዎ ይቅንስዎ ንምታይ እንተ በልካ መልሱ ብጣዕሚ ቀሊል እዩ። ምኽንያቱ ትግራዋይ ዝብሃል ዘርኢ ጠፊኡ እንተዘይተባሂሉ ኣይዓግቡን! ነዞይ እዩ ድማ ቁፅሪ ዝቐተልዎ ካብ "ሓደ ኣይቐተልናን" ናብ ቁሩብ ቀቲልና ካብኡ ናብ ኣማኢት ካብኡ ሰለ ሕዚ ብዜሮ ከባዝሑዎ ጀሚሮም ዘለው፤ ቀጺሎም እንታይ ከም ዝብሉ ገና ክንርኢ።

እዞምሰባትሓሳቦምትግራይምፍራስንትግራዋይዘርኢ ምፅናትን ካብ ኮነ ቀቲሎም ኣይፀግቡን። ተገዥኾሎም ኣብ መሬት ቀቲሎምና ተኹቲሎም መጊኦም ካብ ሕቁፊ ኣምላኽ ኣውፂኦም እውን ኣብ ሰማይ ምቕተሉና። ምስ እዚኦም ከራኽበናን ከናብረናን ዝኽእል ሓደ ሓደ ምኽንያት ምረኽብኩ ዕቡቕ ነይሩ ግን ምንም የለን።

ድሕሪ እዚ ኩናት ጎረቤት ምኳን ስለ ዘይቐረሲ እዛ ዓዲ ከይትፈርስና ይብሉኒ መሓዙተይ . . . ዋእ እምበይ ኸ ብስሩ እዞም ሰባት ጥዑያት ድዮም? ሎሚ ናተይ ሃለዋት ኣሕሚምዎም ካብ ገፅ መሬት ምስ ዘርእይ ከጥፍኡኒ ኣናተሃንደዱ እናርእዩዎምሲ ናጋ ይብሉኒ። ናጋይ መንጢሎም ኣብ ሞንን ምጥፋእን ባርነትን ዘለኹ ሰብ እዚ ሓሊፉ ናጋ ምብፁሓይ ከይፈለጥኹስ... ናጋ.... ናጋ ምእንቶ ባዕላ ትጨነቕ። መጀመሪያ እዚ ዘጥፍኡዎ ዘለው ህዝቢ ነድሕን ካብኡ ቀጺሉ ዝግበር ንነብር።

እንታይ ከትንብረሎም ኮኑ እዮም እዛ ብደዋ ዝበሰበሰት ዓዲ ከይትፈርስ ከይትዓኑ ምናመን ገለመሌ እናበሉ ዘሕመዎምና ዘለው። መራሕቲ ሃይማኖት ዝተብሃሉ ብዛዕባ ፍቕሪ ፈጣሪ ዘይፈልጡ፤ ክርስትያን ኢና በሃልቲ ኣብ ሓደ ጉጅለ ጥራሕ ዝምደቡ ሽፋቱ፤ ናይ ጵጵስና ከዳንን መስቀልን ሒዞም ክርእዩ ሰብ ዝመስሉ ውሽጦም ብዕልኢ ክርስቶስ ዝሓረሩ ሰያጥን ኣዋጅ ዘርእን ሃይማኖት ምጥፋእ እንትካየድ "ባሪኩም" ዝልኣኹ ግፉዓት መራሕቲ ርኽሰት መግለጺኦም ሰይጥናን፤ ከፍኣት ድማ ናብርኦም እዩ።

ምስ ከምዚኦም ዝበሉ ካብ ሰብ ትሕት ዝበሉ ፍጥረት ምንባርእንተቐረየስግኣትቀንስእምበይእንታይጎደለ!?

እዚ ኹሉ እንተኾነ ባሪኸካ ካብ ምልኣኽ ክሳብ በሎ በሎ ዝፈቕደት ሃገር ሓዘን ምከፋል፤ በደል ምኹናንማ ይቕረ፤ እቲ በደል ከምዘይተፈፀመ እንተ ተፈፀመ እውን ቅዱስ ኩናት ከም ዝኾነ ገይራ ዝተቐበለት ዓዲ፤ ሃይማኖታዊ ኣቦ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ ዝበፅሕ ዘሎ ግፍዒ ኣይደግፍን ስለዝበሉ ጥራሕ መዓት ሰያጥን ዝወርዶም፤ ቤተሰበይ ሞይተም እንተብልኻ ኣይ ኣይሞተካን ኢሎም ዘኣእሱ ቋንቋ ዝዛረቡ ኣህዛብ ኣብ ዘለውሉ ዓዲ ትግራይ ኣላ፤ ትግራይ ግን ኣብ ውሽጢ እዛ ዓዲ የላን። ተትህሊማ ነይራ ኩሉ ቐርዩ ሓዘንና ሓዚና ከወፀልና ሰቕ ምበሉና ነይሮም። ደጋጊሞም ከድምዩና ዝፈቐድናሎም ባዕሊና እንዲና ሰባት መሲሎምናስ ክርድኦም ይኽውን ኢልና ክነረድኦም ላሕ ንብል። ከሰምዑዎ ዘይደልዩ ነገር ዶ ይሰምዑ እዮም? ተሰምዑለ፤ ተርእዩለ የሰምዑይለ የርእዩይለ። እምበይ መን ድዩ እዚ ኹሉ ዝገብር ዘሎ!

ድሕሪ እዚ ኩናት ካሕሳ ህዝቢ ትግራይ ምስረታ ነፃ ሃገረ ትግራይ እንተዘይኮይኑ ካሊእ መደበሲ የብሉን! ኣራዊት ጎረባብቲ ዓዲ ናብ መረበት ዓድናን ዓውድናን ኣትዮም ህዝብና ኣራኺሰምዎ። ኣብ ዋና ከተማ እሮምያ ኮይንኻ ጥፍኣትን ከሕደትን ተጋሩ ባንዲታት ንምልስላስምምኳርእንታይይበሃል?ይቕረታንዘምሃር እምበ መምሃሪ ንዘይፈጠረሉ ወይ እውን ንፈጣሪኡ ፈሪሑ ከመሓይሽ እዩ ወይ ክርድእ እዩ ንዝብሃል ኣካል እዩ ዝግበር እምበ ኮነ ኢሉ ንዝገበረ ኣካል... እንድዒ!

ምሲጋና ኑዩም ብተፈጥሮን ሰብ ሰራሕ ፀገማትን ዘይብድሁ ሓይልታት ምከልኻል ትግራይ ይብፃሕ እምበር ህዝቢ ከምህዝቢ ንክብርሱና ዝመፁ፤ መጊኦም ከንዲዝከኣሎም ዝገበሩን ገይሮም እውን ዘይሰዓሩና ርኹሳትን ትሕቲ ሚሊን ካሕዳማት ምስሊን እቲ ሰብኣይ ዝኾኑ ኣህዛብንማ እንተ ምሒርናዮም ኣይምሓረና እዩ። እንታይ ቐርዩና ምስ እዞም ግዛዕ ምዛዕ፤ ምስ ፈጣሪ ምስ ፈተውትና እንብሎም ኩሎም እንድዮም ኣቑራሪፆምና!



Scanned with CamScanner

# ‘ ተጋዳላይ በለኒ፤ ተጋዳላይ ዝብል ስም እዩ ዝጥዕመኒ’

ፀጋ ንትግራይ

ወልፈ ሒዙኒ ኣሎ፣ ብዝረኸብክዎ ሕድሕድ ኣጋጣሚ ምስ ተጋዳላይ ትግራይ ናይ ምዕላል ወልፈ፣ ቀደም ዝነበረኒን ገዲፈዮ ዝነበርኩን ካሊእ ወልፈ ድማ ደጊሰኒ እኒሆ፣ ናይ ገድልን ናፅነትን ደርፍታት ናይ ምድማፅ ወልፈ! ወትሩ ኣብ ሓራ መሬታት ትግራይ ክንቀሳቐስ ከለኹ ኣብ ውሽጢ ‘ስማርት ፎነይ’ ደርፈታት እያሱ በርሀ ኣለው ዶ? ኢታ ‘ንእሰይ’ ዘርእስታ ኣብ ቀረባ ሰሚዐ ዝፈተኽዋ ናይ ሃፍቶም ገ/ሚካኤል ደርፊ ኸ??.. ናይ ባርያ ኸ ሒዘ ዶ? የረጋግፅ፣ ኢርፎን ኸ? እዚን ተሃልየን ኣኸለ!! ‘የዒስ’ እብሎ ንባዕለይ!!!...

ናብቲ ዝቐንኸዎ ሓራ መሬት ሓደ ኣብ ካሊእ ኸባቢ ዝርከብ ኣርዓዶም ዝበሃል ኣብ ዩኒቨርስቲ መማህርተይ ዝነበረን፣ ወልፈይ ኣፀቢቑ ዝተረደአን ተጋዳላይ ደዊሉ ‘ምፀኒ ኢኻ በጥስ ምስ ዝብልዋቶ ጅግና ከፋልጠካ፣ ንእሽተይ እዩ ከፀንሕ ፍጠን ኢሉኒ’ ብዙሕ ካሊእ ከይወሰኽ ሰልኩ ዓፅይዋ... በጢሳ? በጥስ? በጠሶም??.. ኣይተጋገኹን በጥስ እዩ ዝበለኒ.. በጥስ መን ይኾን??

በጥስ፣ በጥሶም፣ በጣጥሶም እናበልኹ ሓዲረ..ሎሚ ንነሆ እየ ንናይ ሽድሽተ ሰዓታት ናይ እግሪ ጉዕዞ ንባዕለይ ኣሰናዲአ ተጋዳላይ ኣርዓዶም ናብ ዘለዎ ቦታ ጉዕዞ ዝጀመርኹ። ብኢርፎነይ ገደፉ ናብ እዝነይ ዝቖርቆር ደርፍታት ገድሊ መገደይ ምሹው ገይሩለይ ኣሎ፣ መገዳመገዱ ምስ ዝረኸብዎም ጀጋኑ ኣባላት TDF ኢደና ጨቢጥና ንሓዕሊ ብምልዓል ‘ንዕወት ኢና’ ዝብል ምልክት ተቐያይርና ንሓልፍ.. በጥስ ከመይ ዝበለ ይኾን?? ምናልባሽ ብስፖርት ዝተሃነፀ ብርቱዕ መንእሰይ ዶ ይኾን?? ምናልባሽ ኸ ቆኪሉ ዘይሰሕት ንደርጊ፣ ንሻዕብያን ኑቶም ናይ ኸዚ ወረርትናን ፀይፀይ ዘበለ ነገር ተጋዳላይ?? ካብ ሓሳበይ ናብ ሃፍቶም ገ/ሚካኤል ይምለስ..ንእሰይ ኢሉ ይደርፍ ኣሎ...

ከይትድፈር ኢታ መሬት ዓዲ’ቦ.. ንእሰይ
ተዓጠቆ ናይ ኣያታትኻ ሓቦ..ንእሰይ
ኣዲኻ ብርከኻዩ ትንፋሳ..ንእሰይ
ደምካ ሩሓ ደምኻዩ ዋሕሳ.. ደምኻዩ ቱንብሳ....

ናይ ሽድሽተ ሰዓት ናይ እግሪ ጉዕዞ(ወዮ ደቂ ከተማ እውን ጉዕዞ ለሚድናስ ናይ ሽድሽተ ሰዓት ጉዕዞ እውን ሓፂራትና) ዝተብሃልክዎ ኣብ ሓሙሽተ ሰዓትን ፈረቓን ወዲአ ኣርዓዶም ኣብ ዝቖፀረኒ ቦታ ምስ በፃሕኩ ወዮ ቀልዲ ካብ ኣፉ ዘይፍለዮ ኣርዓዶም እናሰሓቐ ‘ኢታ ሎሚስ ካብ ባርንት ከተማ ወዲኻ ግዲ መገዲ ለሚድኻ ኢሉ ተቐቢሉ ናብ ሓደ ዳገባር ወያናይ ወሲዱኒ፣ ድሕሪ ሰላምታ ድማ በዓልቲ ገዛ እቶም ወያናይ ማይን እንጀራን ቀሪበናለይ እናበላዕኹ ‘ኣርዓዶም በጥስኸ ዳኣ? ኢለዮ.. ’ በጥስ ተጋዳላይ እዩ፣ ኣብ ሰዓቱ እዩ ዝርከብ፣ ገና ንቖፀረና ዓሰርተ ደቂቓ ይተርፎ እዩ ኢሉኒ እናሳሓቐ..

በጥስ ኣብ ሰዓቱ መፂኡ!! ፈፂሙ ዘይተፀበኽዎ ቀጢን እዩ፣ ሕፅር ዝበለ እውን! ዕድሙ እውን ሰላሳታት መወዳእታ ገሚተ.. ከፍ ኢልና ዕላል ምስ ጀመርና ፍሽኽትኡ ከም ናይ ኣደ ቅኑዕን ሓቀኛን ዓይነት፣ ኣዒንቱ ድማ ብርሃን ዘንፀባርቕ....‘ዘይገርም ነገር’! ዓይኑ የንፀባርቕ እዩ)!!!!
‘ብዓይ ኣርዓዶም እዚ ድዩ እቲ ውሉፍ ወዲ?? ኢሉ እናሳሓቐን ኩሹፉ እናስተኻኸለን እዩ ዕላል ዝጀመርና(እገዞ ምቕሉል ሰብ እዩ)...ተጋዳላይ በጥስ



Scanned with CamScanner

ብመዓርግ ሻምበል እዩ፣ ኣብ መንን ዕላልና ሻምበል ኢለ ከፀዎዖ ከለኹ 'ተጋዳላይ በለኒ፣ ተጋዳላይ ዝብል ስም እዩ ዝጥዕመኒ' ኢሉኒ እዩ ብፍሽኽታ ተመሊኡ...

ከመይ ሓሊፎም ሸድሽተ ሽውዓተ ወርሒ ኢለዮ..' እህምም እቲ ኣብ ልዕሊና ዝተሓሰበ፣ ዝተገበረን ዝተሞከረን ኣብ ልዕሊ ኹሉእ ህዝቢ ተዝኸውን ምናልባት እቲ ህዝቢ በረሱ(ፀኒቱ) ንዓለም ዘሰከፍ ታሪኽ ከምዝንብ ይኸውን ነይሩ፤ ንሕና እውን ንእሽተይ ደቂስና ኢና ነይርና፣ እቶም ፀላኢትና ኮ ካብ ድቃስና ቑስቒሶም እዮም ገጢሞምና። እምበር ከምቲ ኣመፃዕእኦምን ከምቲ ናትና ድቃስን ተዝኾን ዛጊድ ምበረስና ነይርና፣ ግን ድማ ዘኹርዕን ውዱብን ህዝቢ፣ ብፍቕሪ ህዝቢ ድማ ዝዓበደ ተጋዳላይን መሪሕነትን እዩ ዘለና፤ እቲ ኹሉ መዓት ወረድዎ ኣይተሰኮነን የግዳስ ከም ሓደሰብ ሓሲቡ ንፀላኢቱ በቢዝኸእሎ ይምከት ከምኡ እውን ይሰዕርም እዩ ዘሎ' ኢሉ ህድእ በለ በጥሰ "ሓደ እዋን እንታይ ኾይኑ መሰለካ?? ፒፒ ከጥቀዐና እዩ ኢልና ኣብ ዘይሓሰብናዮ እዋን ምስ ሻዕብያ ኾይኑ ተጠናኺሩ መፀ...ቆፂርካ ዘይውዳእ ማእለያ ዘይብሉ ሰራዊት ፀላኢ ሓደ ብርጌድ ሜካናይዝድ ሒዙ ከባቢ 56 መዳፍዕ ፀሚዱ ኣይኮነን ንዓና ገና ከይተኣረመ ንዝነበረ ዝራእቲ ገባር ትግራይ እንተይተረፈ ንምጥፍእ ዓሊሙ ኸተተ።

ምስ ፀላኢ እንትወዳደር ኣዝዩ ትሑት ቁፅሪ ሰብን ዕጥቅን ስለዝነበረና እቲ ሓበሬታ ምስ ረኸብና ዝነበርናዮ ቦታ ገዲፍና ፀላኢ ናይ ምድኻም ስራሕ ከንሰርሕ ንድብያዊ መጥቃዕቲ ዝጥዕመና ቦታ መሪፅና ንባዕልና ካብ ፀላኢ ሓቢእና ተፀበናዮ(ትፈልጦለኻ ሙቕስ ኣቀማምጣ መሬትን ጎቦን ዓድና ንድብያ ምሹው እዩ)። ደሓር ሃንደበት ኣጥቂዕና እተን ዝሓዝወን ኹለን ኣብ ዘለውሉ ተወቒዐን ኪቃፀላ ገበርና።

እቲ ናይ ፀላኢ ሰራዊት ድማ ተደናጊፁ በቢዝመሰሎ ተበቲኑ እግረይ ኣውፅእኒ ጉያ ጀመረ። ኣብ ትሕተይ ካብ ዘለው ሓደሽቲ ስልጡናት እቲ ሓደ እንታይ ገይሩ መሰለካ? ብሬን ፀሚዱ 1,2,3 እናበለ ቖፂሩ 68 ወታደራት ፀላኢ በጥ ኣቢልዎም.. ሕሰቦ ካብቶም ሓደሽቲ ሰልጠንቲ እዩ.. ከመይ መሊኹዎ ድዩ? ትግራዋይ እማ ኣብዚ ጉዳይ ገለ ኣለዎ እዩ በለ በጥሰ...

ከማረኽ ከምዘይብለይ ኣፀቢቑ እየ ዝፈልጥ ብቐሊሉ ድማ ክሰዋእ የብለይን ግን መሠዕኢ የለን ፀላኢ ቖሪፁኒ እዩ። ሽዑ ሃንደበት ሙከይ መፀት . . . ነቲ ተኹሳቶ ዘይትፈልጥ ብሬን ኣቀባቢላ ምስ ፀላኢቲ ገጠመት . . . . ነቶም ኣብ ኸባ ኣኢትዮምኒ ዝነበሩ ፀላኢቲ ደቒቓ ኣብዘይመልእ ዘፍ ኣበለቶም። ንምኢማኑ ኸቢዱኒ እንትሪኣ "ሰሓብ ብፃይ" ኢላ መሪሓትኒ ወፀት።



Scanned with CamScanner

ተወሳኺ ንክቅፅለለይ ብዓይነይ ለመንኽዎ.እርዓዶም ብጥስ እዚ ወዲ ውልፍ እዩ፤ ዕላል ጀጋኑ ከሰምዕ ስራሕ ከፍተሐካ እዩ በሎ ከምልማዱ እናሳሓቐ..ብጥስ ድማ ብዛዕባ ሓንቲ ዘገረመትለይ ዋዕሮ ከዕልሎም ናብ ስረሓይ ከኸድ በለ(ደስ ኢሉኒ ብዓይነይ ቀፅል ኢለዮ) "ሙለይ እያ ትበሃል፤ እወ ሙለይ ፈጺመ ኣይርስዓን! ኩነታት ቅድሚ ምጅማሩ ሒደት መዓልትታት እያ ተፀምቢራ..ቅድሚ ዳግማይ ውደባ ኣብ ዝነበረ ደንገርገር ታዕሊም ከትወስድ ግዜ ስለዘይነበረ ቀጥታ እያ ናብቲ ግምባር ተፀምቢራ። ሓደ እዋን ፀላኢ ከይተፀበናዮ ናብቲ ዘዕረፍናሉ ቦታ በፀሐ...ግዜ ኣይነበረን "መከት" እትብል ቅጥፍን ትእዛዝ እያ ካብ መራሕቲ መሚእትና። መራሒ ጋንታ ስለዝነበርኹ ብ4 መስርዕ ዝመፀ ፀላኢ ከንምከት እታ ጋንታ በቦታኣ ከትሕዝ ትእዛዝ ኣሕሊፈ ኣነውን ብዘኣ ሽርጥ ኣቢለ 25 ቦምቢ ተሸኪመ ኣተኹ። ሙለይ ናተይ ብሬይን ተሸኪማ ቦምቢ ከይጎደለኒ ተቀባቢለኒ ጀሚራ... ዘይውረድ ሃው ዝበለ ገደል እዩ..ካብቲ ዘለኹዎ ከባቢ 60ሜትር ዝኸውን እናወረደት እናደየበት ብሓደ ኢዳ ብሬን ተሸኪማ ተመላልስ ኣላ...ፀላኢ እናደፈአ ይቕርብ ኣሎ...ትንፋስ ዘይህብ ዕዑቕ ኩናት...ዝወደቐ ሰራዊት ጡብያ እዲኡ ትቐፀሮ ተረፍሪፉ እዩ ዘሎ። ግን ብዓይን ዕሙተይ ይተምም እዩ ዘሎ፤ ሰቒሉ ይተምም ኣኻሓት ይረግፍዎ፤ ካብኡ ድማ ኣኻሓት የትምም(ከምቲ human wave ዝብልዎ ዓይነት) 67 ዝኸውን ቦምቢ ምስደብረኹ ደኺሙኒ ኩርነዐይ ከትብጠስ ደልያ። ፀላኢ ኣኻሓት እናወደቕዎ ካልኦት ኣኻሓት እናሰደደ እናቐረበ እዩ። ሙለይ ድማ ከይደኸመት ትጎይ ኣላ... ነገራት ኸቢዶም ግድን ከንሳሕብ ድማ ነይሩኒ። ንድሕሪት ከስሕብ ኩብል ለካ ፀላኢ ቖሪፁ ኣትዩ ኣብ ማእኸል እዩ ዘለኹ። ኣብቲ ዘይዛረ ኩናት ብስከንድታት ኩሓስብ መውፅኢ ከእልሽ ግድን ኾይኑ። ከማረኽ ከምዘይብለይ ኣፀቢቐ እየ ዝፈልጥ ብቐሊሉ ድማ ከስዋእ የብለይን ግን መውፅኢ የለን ፀላኢ ቖሪፁኒ እዩ። ሽዑ ሃንደበት ሙለይ መፀት...ነቲ ተኹሳቶ ዘይትፈልጥ ብሬን ኣቀባቢላ ምስ ፀላእቲ ገጠመት.... ንቶም ኣብ ኸባ ኣእትዮምኒ ዝነበሩ ፀላእቲ ደቒቓ ኣብዘይመልኦ ዘፍ ኣበሉቶም። ንምእማኑ ኸቢዱኒ እንትረኦ "ሰሓብ ብዓይ" ኢላ መራሓትኒ ወፀት።

ድሕሪኡ ብዖት እውን ኣርኪቦም ፀላኢ ድማ ምሉእ ብምሉእ ተደምሲሱ። ሙለይ ሕዚ መራሒት ጋንታ እያ።" እርዓዶም ናተይ ዝተሃንጠወ ልብን ብጥስ ዘለዎ ስራሕ ዓዕቕን ተረዲኡ መስለኒ ዓርከቶ ይኣኸለኩምባ ብዓይ እውን ንስንዮ ኢሉኒ ፈሺኹ(ንምንታይ ከምዝኾነ ኩሉግዘ ምስ ሰሓቐ እዩ፤ ርጉዲ፤ ምቕሉል ጠባይን ሰሓቕን ተጋዳላይ እርዓዶም ዝረአየ ማንም ሰብ ኣብ ገድሊ ግድን ዝኾኑ ድኻምን ጥሜትን ዘሎ ኣይመስሎን.. ምናልባሽ እርዓዶም ከምዚ ወትሩ ሕጉስ ዝኾነ እቲ ኣብ ትግራይ ኣዝዩ ፍቑር ምግባር ዝኾነ ተጋዳላይነት ይዓምም ስለዘሎ ዶ ይኸውን??)

ብጥስ መኸዲ ሰዓቱ ኣኺሉ ከለዓል ኩብል ከሎ ቅልጥፍ ኢለ ምስኡ እናተልዓልኹ ከምዚ ሓቲተዮ "ካብቶም ኩሎም ምስ ብዖትኻ ዝሰራሕኻዮም ቅያታት እታ ዝበለፀት ቅያ ንገረኒ"..ሓደ ታሪኽ ከፀውየና እናተፀበኹ ብጥስ ድምፁ ተለዊጡ ከምዚ በለኒ " ወዲ ትግራይ ዓደይ እንታይ መሲሉካ? ኣሓትና ሕዝውን ቡቶም ረሳሓት ይድፈራ እዮን ዘለዋ.. ገና መሊእና እየድሓናዮንን..መናእሰያትና ፈቖድኡ ይርሸኑ እዮም ዝነበሩ.. ወለድና ድማ ኣብ መሪር ሓዘን ሻቕሎትን.. ህዝበይ ኣብ ሓሳረ መከራ ወዲቑ፤ መሬት ዓደቦይ ተቖራሪሱ ተወሪሩ እዩ ዝነበረ...እን ታሪክ ሰሪሐ ዝበለፀ ቅያ ሰሪሐ ኢለ ከእምን ተኾይኑ ምእንቲ እቲ ኽቡር ህዝቢ መስዋእቲ ኸፊለ እንተሓሊፈ ወይ ድማ ፀላእተይ ፀራሪገ ትግራይ ሓራ እንተወፂኣ እዩ፤ እወ ህዝበይ ብናፃ ሃገረ ትግራይ ከድበስ ምስ ብዖተይ ተገይረ ሽዑ እዩ ቅያ ሰሪሐ ኩብል(ህዝበይ ህዝቢ ትግራይ ምንም ሕማቕ ከትንከፎ ዘይግባእ ህዝቢ እዩኮ)... ኣብ ኣዒንቱ ንብዓት ዝራእኹ መሲሉኒ፤ መሊሱ ድማ እንተንፀባርቐ... ተሓቛፊፍና ኣጆና ዓወትና ቀረብ እዩ ተበሃሂልና ተፈላሊና...

ምስ እርዓዶም እውን ብዙሕ ኣይፀናሕናን ከንደዋወል ተኒጋጊርና እናሰሓቕ ሰንዩኒ... ናይ ሽድሽተ ሰዓት ናይ እግሪ መገዲ እለኒ.. ፎቖዶ መገዲ ተጋደልቲ ትግራይ ከረኩብ እየ(መልኣኽቲ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዶም ከምዝመጋነኸዎም እዩ ዝስመዐኒ).. ኢሮብንይ ናብ እዝነይ ሰኪዑ ንዕዘይ ቀፀልኹ.. ደርፍታት እያሱ በርሀ ኹሉምላይ ተቖፃፀርዎ ድማ....



Scanned with CamScanner

# ኣፍን ኣፌ - ሙዝን

ክነኣን ግ.

ኣብ ዞኪያ እየ ዘለኹ። ኣብ ደቡባዊ ትግራይ ማይ ማዕዶ ተባሂላ ናይ እትፍለጥ ጣብያ ንእሽተይ ከተማ እያ ዞኪያ። ኣብእ'ለኹ ምስ ብዖት። ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ዝወንሐት ነብስና ከነዕልል ኣብ ዘማለስናሉ ቤት። ቤት ዕኑዓት ተጋሩ። ብዓውና ማፍዐኛታት ዝሰምበረ ሑቖ ታሪኽ ዘለዎ ቤት። "ዳግማይ ደርጊ" ሕነ ፋሺስታውያን ኣቦታቱ ከፈዲ ዓድን ዓውድን ኣጨናጪኑ መሂኡ። ኣብ መቓብር ትምህሕተኛታት ወለዱ ሕቑፌ ዕንበባ ዝኸርን ኒሻን ዓወትን ከንብር ተላንዩ ዝመፀላ ኾቕጣ ወግኢ- ዲዳ ሞት ድማ ኣብ ጥቓ ዞኪያ'ላ፣ ኣቡ ሽራ። ኣቡ ሽራ ዓዲ እያ ።

ልክዕ ከምተን ኩታ ንጠም ኣናእሽተይ መንደራት ዞኪያን በጨቓን። ካብ ከተማ ማይጨው ንእንፈት ደቡብ ምዕራብ ውዕኢ ኢልካ ትርከብ። ግን ድማ ከም ምንእሳ ከይኮነስ ኣብ ጫፍ ዓዲ ዝበዕሐ ገድሊ ዝተወግዐሉ መዲድ ዛንታ ዝተሸከመ ፀዋር ሑቖ ኣለዋ ኣቡ ሽራ። ኣቡ ሽራ መንያ!? ከውግዐኩምንድየ።

ሐዚ ኣብቲ ዘዕረፍናሉ ገዛ ካብ ኣቡ ሽራ ተፈናቒለን ምስ ዝመፃ ወላዲት እናዕለልኹ እየ። ምስ ኣደይ መንፀግባ። ብወግዒ ወግዒ ሓደ እዋን ናብ ኣዲስ ኣበባ ገይሸን ዝገጠመን ተጓንፎ የዕልላ እተን ወላዲት። ካብ ኣቡ ሽራ ንምእኻል ዓዲ ዝገየሽ ሰብ እንታይ ከም ዝገጥሞ ይፈልጣ እየን እሞ ዝመፃሉ ኸባቢ ተዛሪበን ኣብ ሓደጋ ዝወድቃ ገርሂ ኣይኮናን። ኣብቲ ብግሽነት ዘዕረፋሉ መረባ ሓደ ደሙ ኣብ ኣዕንቱ ገርገር እናበለ ዝረኣይ ገልቱ መንእሰይ "ካብ ራያ እየን መፂአን" ዝብል ወረ በጺሒዎሎ። ኣቡኡ ናይ ደርጊ ወታደር ምንባሩ ሓዚለይ። ሃንደበት ሓቲቱ እቲ ቂም ዝቐፀረ መንእሰይ። "ራያ ከየት ኣካባቢ ነው የመጡት?" ኢልወን ንወዮ ኣደይ መንፀግባ። "ከራያማ ራያ ነው እንጂ ከትግራይ" ኢለን ተፋጠጠኦ፣ ፈጺመን ኣይፈረሐኦን፣ ኣይ ኣዶ ትግራይ እንዶ። "ራያ በተለይ ኣቡ ሽራ ከተባለች ቦታ የመጣ ካለ መግደል እፈልጋለሁ እኮ። ኣባቴ የቀረው እዛ ነው" ኢልወን። ድንጋፅ ኣዶ ድንግፅ በላ። ብኡ ንብኡ እውን ዕሸነቱ ስሓቕ ኣምሂኡለን። "ኣባቴ እዛ ነው የቀረው እኮ በለኒ፣ ከቓሪ እወ! ኣይ ዓዲ ተጋሩ ይዶ.. መንዶ ኸድ ውልዖ ይኡ" ኢለን ድማ ፍሽኽ በላ። ከምቲ ዝበልኩኹም ኣቡኡ ወታደር ደርጊ እዩ ነይሩ።

ሕልሚ ፋሽስታውያን ከመልእ ኣብ ኣካውሕ ኣቡ ሽራ ዝተረፈ። ትግራይ ጫፍ ነፀላ ዝተንከፈ ደፋር ዋግኡ ካብ ዝረኸበሉም ገዛእቲ ቦታታት ሓደ እዩ ኣቡ ሽራ። ከም ዕላል እተን ወላዲት ብዘበን ደርጊ ኣብ ኣፃድፍ ኣቡ ሽራ ዝረገፈ ወታደር "ሓሸንቶ ይኡ ሓሸንቶ" ኢለን እየን ብዙሑ ዝገልፅኦ። እቲ ዘይበሰለ መንእሰይ እተን ወላዲት ብትኸከል ዝመፃሉ ቦታ ካብ ኣቡ ሽራ ምኺኑ ተዝፈልጥ እንታይ ከንብር ይኑብር እዝጊ ዋንኡ።

ኢታ ኣብ ልቢ ፀላኢ ዘይሓዊ ሰምበር ዝፈጠረት ደምበ ቅዕዓት ትምህሕቲ ዝኾነት ኣቡ ሽራ ሐዚ እውን ዳግም ኻልእ ታሪኽ ከተተኣናግድ ተሓርያ። ብታሕቲ ዕሱባት ህግደፍ ደጀን ጌሩ። ብርእሲ ኸቢቡ ከዓብጥ ዘሎን ዘየሎን ሓይሉ ፀንፊፉ ኣሰሊፉ፤ ሓይሊ ፋሺስት ኣብዩ። እቶም ዘይቐርጠሙ ፀፀራት ኣልማዝ ደቂ ህዝቢ ንባዕሉ መሊሶም ቁሒምምዎ ከባ ፈንጊሖም ወፁ። ንሱን ከደምቱን ዲኖ ህበይ ተኸዲኖም ተዋረዱ። "ሓመድስዖ ተፀይርኻ ትኸዳ እምበር ተፀይራ ኣይትመፀካን" ከምዝበሃል በዓል

ርስቲ ሞት ናብታ መቓብሩ ተፀይሩ መጺኡ። ኣቡ ሽራ ርስቲ መቓብር ወረርቲ ኾይና ኣብ ደረት ቀምሻ ድርብ ሰሌኑ ሕድያት መዘከር ጠለፈት። ኣብ ልዕሊ ትግራይ ኣፎም ዝኸፈቱን በትሮም ዘልዐሉን ኩሉ ጊዜ ሰማይ ምስፈረሶም እዮም። ወግዒ ኣደይ መንፀገባ፣ ኣይፅገብን። ድኻመይ ቐንጢጥሰይ'ሎ። ዋላ እቲ ዛዕባ ደም ዘርስን ግፍዒ እንተኾነ እውን ኣሉዛነይ ሰቺለ እሰምዐን ።

"ኣብዚ ከይኣ..." ኢሉን ድማ ብመንከሰን ከትንከፍኣ በላ፣ ሰም ሓንቲ ቁሸት ፀራሖን። ኣብ ድሮ እታ ዘካየ ዝረገፅናላ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ ንውሃን ነበርቲ እታ ዘቋምታኒ ዘለዋ ቁሸት ዝወረደ ግፍዓዊ በትሪ ከንፈረን ብሕሪን እናቘርጠጣ የዕልላ። ፀላኢ ኣብ ኣፃድፍ ኣቡ ሽራ እናተሰኸወንደዩ ቀንዩ። ዓንፃዓንፆ ንግዕዖ ከምዘበሃል፣ ንወራዲ መርዓ ኣብ ዝተተኸለ ዳስ ብሄሊኮፕተር ሓዊ ከፍሰስ ውዒሉ፣ ኣብታ ንእሽተይ መንደር። ውሉዶም መሪቖም ከስንዩ ዝተኣከቡ ዓበይቲ ዓዲ፣ ብርሃን ውላዶም ከሪኡ ሃንቀው ዝበሉ ወለዲ ዘይሓሰብዎ መዓት ከምዝወረዶም እንትንግሪኒ ከዘርገፍ ዝተሃንደደ ንብዓት ኣብ ደንደስ ኣዕንተን ተቐልቀለ።

ኣደይ መንፀገባ እዚ እንተውግዓኒ ኣብ መንገድና ብቃሬዛ ተፀይሮም ንቕሰገ ከወርዱ ዝረኸብናዮም ግዳይ እቲ በትሪ ፈራሕ ዝኾኑ ውቹዓት ይዝክረለኹ። ናይ ጭንቂ እዩ እምበር እኹል ሕክምና ከረኽቡሉ ናብ ዘይኽእሉ ፀላኢ ዘዕነዎ ትካል ጥዕና መንገዲ መዓልቲ ምጉዓዝ፣ ኣብ ልዕሊ ስነ ልቦናውን ኣካላዊን ቁስሎም ዝፈጥሮ ማህሰይቲ ዕፃ ናይቶም ዝሞቱ ከበዕሎም ከምዝኸእል ምግማት ኣይኣበየንን። "ዳሕና! ናእዶም ያግንይለው ይእም" ዝበል ድምፂ ኣደይ መንፀገባ ካብ ጉዕዞ ሓሳበይ መለሰኒ። "ናማዓልቲ ጉዳይ ዳኣም ትግራይ ወድቓ ኣይትወድቕይ። ድሮኣ ሓደ ተደይበለይ ቦሎቕ ቦሎቕ ታብሉም ጀምራ እናሃ። ኣርቓ ገመጥል ይኣ ኾይና ንሃ ኾዚ" በላኒ ኣብ ቀይሕ ግምባረን ፀዳል ተሰፋ እናተኾልዐ።

ምስዚኣ ኣተራኢሰ ሓንቲ ወግዒ ከምርቓልኩም።

ደራሲ ስብሃት ገብረእግዚኣብሄር ንዝኸሩ ኣብ

**ሎማዕንትኻ ብኣግባብ ምጥቃም። ንፅባሕ ዝሓድር ዕዮ ገዛ ዘይምብዛሕ ማለትንድዩ። ነዚእን ከይትውግን ኣብ ኣፈፌት ወጋሕታኻ ተገቲሩ መዓልትኻ ከሕፅር ንዝተጋሕተን ቀታሊ ቀዲምኻ ክትቃብዖ እውን ገለ ዓይነት "ምቕዳም ሞት" እዩ። ተጋዳላይ ትግራይ እውን ነዚኣ እዩ ዝገበረን ዝገብር ዘሎን። እኽለ።**



Scanned with CamScanner

ዝተጻሕፈ ድርሳን ህይወት ምስ ፀሓፊ ገድሉ የዕልል። ኣብ መንን ዕላሉ'ም ንሄንድሪክ ቫን ሉ( Hendric van loon ) የልዕሉ። ናይ ደቺ ዘርኢ ዘለዎ ኣሜሪካዊ ደራሲ እዩ ቫን ሉ። The wandering jew እትብል ልቢ ወለድ መጽሓፍ ድማ ኣለቶ። "ብኹን ኣይሁዳዊ" ክም ማለት እያ ትርጉማ። ጥፋእ ዝበሎ ኣይሁዳዊ ዓይኑ መሊኡ ከሪእ ምስዘይግባእ ሰብ ተዓቢኡ። ከምዚእ እያ ኢታ ወግዒ... ይሁዳውያን ንእየሱስ ክርስቶስ ክሰቕልዎ ናብ ጎልጎታ እናከላበቱ ይወስድዎለው። መስቀሉ ኣሸኪሞም እናገረፉ ይወስድዎ። ተንተን እናበለ፡እናወደቐ እናተስአ ገልታዕታዕ እንትብል እቲ ኣይሁዳዊ ርእዩዎሉ። " እንታይ ኢኻ ኣብዚ ትጉተተልና? ቅልጥፍ ኢልካንዶ ግዳ ኺድ ጎታት" ኢልዎ። ክርስቶስ ሽው ቅንዕ ኢሉ ይርእዮሞ "ኣነስ እናኸድኩ እየ። ንስኻ ግን ክሳብ ዝምለስ ኣብዚእ ክትፀንሐኒ ኢኻ" ኢልዎ ንዕዝኡ ቀጺሉ። እናበለ ይቕዕል ቫን ሉ ኣብ ልቢ ወለዱ።

"እቲ በካና ኣይሁዳዊ ሐዚ እውን ብህይወት ኣሎ" እዩ ዝብለና ደራሲ ስብሃት ገብረእግዚኣብሄር ንቫን ሉ ጠቒሱ። ምዕላት ክርስቶስ እናተፀበየ ኽርተት እናበለ እዩ ዝነብር። ነዊሕ እዋን ሓቢሮም ዝነበሩ ሰባት ተገሪሞም ይሓትዎ። "እምቧእ እንታይ ብልሓትካ ንስኻ?ኣይትእርግ ኣይትመውት ! እንትብልዎ " ይ...ይ! ቢታ ፈሊጦምኒ እዮም ማለት እዩ" ይብል እሞ ሃገር ቀይሩ ናብራ መርገሙ ይቕፅል።...
እዚ ብልሳን ስብሃት ገብረ እግዚኣብሄር ዝተዘንተወ ህይወት ሓደ ኣይሁዳዊ ዝነግር ምናባዊ ድርሳን ሄንድሪክ ቫን ሉን(Hendric Van Loon) እዩ።

"ዝረባ ዘረባ የምፅእ፡ ንሓመድኸ ድጉሪ የውፃእ" እንድዩ። ንሕና ኣብ ትግራይ ኢና ዘለና። ትግራዋይ ዝበሃል ህዝቢ ድማ'ሉ። ልቢ ወለድ እንትይኮነስ ብወርቂ ቀለም ዝተጻሕፈን ዝፀሓፍን ዝኾርዐሉ ሓቃዊ ታሪኽ ዘተረየ ህዝቢ። ዳሕራይ ኣብ ቀራንዮ ዘበን ብእርባዕተ ሓሙሽተ ቅንዮት ሽኪርም ክሰቕሉዎ ዝግልገሉ ደቂሶምሉ ዘይፈልጡ ፀላእቱ ድማለው። ከም ልማዶም ኪሓዎምን ተናኺሶምን ዘምልጥሉ ዕድል ዝተቐልቀለ መሲልዎም። "ሉሚ ረኺብናካ ሉሚ ስእንናካ" ኢሎም ናይ ሓይሊ ሓይሊ ኣቡእም ኣብ ረቃቒቶኡ ነዚሎምዎ። ኮረኹርም ኣኸቢቦም ዳግም ክምዘይልዓል ተቐራሚቶም ነበረ ክንብርዎ ተኻምዮም። ኣብታ እዋን እቲኣ መሬት እትወግሕ ዘይመስሎም በላዕቲ ኸልተ ስጋ ድማ ከም'ቲ ኣብታ ልበ ወለድ ዘሎ ይሁዳዊ ብሞትን ስደትን፡ ብዕንወትን ጥሜትን ህዝቢ ትግራይ እናተሳገዉ ግፍዒ ተዛረቡ። ኣብታ ህሞት እቲኣ "ንሶም እናወረዱ ንሕና እናደይብና ክንራኸብ ኢና" እትብል ቃል ድማ ቃል ህዝቢ ትግራይ ነበረት።

ነዚእ ኢሉ ቀርኡ ክም ዝተንኸአ ንህቢ ተተንኺታ ወፂኡ ትግራዋይ። ረመፅ ድጉል ቃልሱ ሃል ሃል ኢሉ ተባርዐ። ምዕላቱ ዝድንጉይ መሲልዎም ብኽልተ ሰንጢ ዝበልዑ ዝነበሩ ኹብዳማት ድምሚ ሃለዋቱ፡ ኣሰር መሰርዓቱ፡ ዜና ዓወታቱ ከሰምዑን ከሪኡን ምስ ጀመሩ ሓቐእም ክብድብድ ይብሎምሉ። "ዝሸጥካላያ ምሸስ እንከይሸመትካላ ኣይትተርፍን" ዝብሉዋ ምስላ እኒሆቶም ወለድና። ትግራይ ብሓዊ መዝረ ክትነድድ እንተላ ዕውዕዋይ እናዘንተው ዐግዒ ሓዮም ከሰሕት ተራእዮም ቀተሏታ። ብታሕጓስ ሰኺርም ኽበሮ ሓምሓም እንትወቕዑ ኣብ እግሮም ዘሎ ጓህሪ ረሲዖምዎ እዮም። ይሓር ብእግሪ ገልጣማት ዝተረግፀ ትንታግ ተገልቢጡ ረገፁቱ እንተባርዕ "ናይ ቁሳር ንቁሳር" ኾነ።

ዕባሕኮ ኣባይ እውን ከበዕሕ ይኽእል እዩ ዝብል ሓሳብ ዘይተሰቖርም "ሰብ ግዘ" ቢታ ንዑሃን ዝገረፋላ በትሪ መሲሶም ክልበለቡን ክቕንዘውን ዓለም ኮፍ ኢላ ትዕዘብ። ኣብቲ ሰማይ ዘንጠልጠለ ሰርቢ በረድ ኣብ ግራተይን መረበተይን ክዘንብ ይኽእል እዩ ኢሉ ዘይሰግእ ሓረስታይ እንታዩ ሓረስታይ ተባህለ። ነዚእ ብኢጋ ተዘይተረዲኡኸ ዓመት ዝሰፈዐሉ ምህርቲ፡ ብሜይ ጥፍኣት ኣልቦ ክኸውን ካብ ምርኣይ ወዲ እንታይ ዕፃ ኣለዎ? ሰብ ሞያ ስነ ፅሑፍ Dramatic irony ይብልዋታ ነዚእ። ኣብ ርእሱ ተመን ተጠምጢምዎ፡ ኣብ እግሪ መሓዝኡ ብዘላ እንቅዋ ዝሳገዐ ሰብ እንትዕዘቡ እዮም ኣብ ግብሪ ዘውዕልዋ።

ኣብ ኣፍንጫ ሞት ኮይኑ ብዛዕባ ከዳን ዓመቱ



Scanned with CamScanner

ዝጭንቕ ገርሂ ዝረኣዩ መሰልቲ ድማ "ዕድመእምየ ዘይፈልጡስ ዕድመ ዓለበኦም" ከም ዝበልዋ ማለት እያ ትኸውን። ገጣሚ ዋልት ዊትማን እውን ነዚኣ ሓሳብ እተሕፍስ እንገብ ግጥሚ ኣሎ፣ እንሄት ድማ፦

"No man is an island
At most he is a promontary
Every man's death reduces me
Send not to ask for whom the bell tolls
It tolls for the"

ዝኾነ ይኹን ሰብ፣ ደሴት ኣይኮነን
እንተኾነ እንተኾነ፣ ወሽመጥ እዩ ክኸውን፤
ብሞት ዝኾነ ይኹን ሰብ እጎድል።
ደሃይ ደወል ቀብሪ "ንመን እዩ? "
ኣይትበል።
ንዓኻ እዩ!

ኢላ ብቓንዛ ጉዱእ ንዘመዓደቑ፣ ብኹርምቲ እንዳማተም ሐፃ ንዝቖርጥሙ ነውራማት ብሽመል ጠጣዕሉ እትቐዕዕ መራር ግጥሚ እያ ግጥሚ ዊትማን። ሞት ኣይተርፍን እያ ኢታ ወግዒ። ፅባሕ ድሕሪ ፅባሕ ምጺቱ ዘይተርፎ ፍጡር ኣብ ልዕሊ ወገኑ ሞት ደጊሱ ኣብ ቀብሪ ሓው ከሰዕስዕ ካብ ምርኣይ ንላዕሊ ብሃምነት ድማ የልቦን። እማን እዩ ሞት ኣይተርፍን፡ "ንሞት ንቕድሞ እውን ይብል ነበረ ስብሃት ገብረእግዚአብሄር። ንሞት ጎይኻ ከተምልጦ ኣይኮነን። ቅድሚ ሞትካ ዘየናስሕ ሓቂ ከትነብር እያ እትእውጅ እዛ ብህለት።

ሎማዕንትኻ ብኣግባብ ምጥቃም። ንፅባሕ ዝሓድር ዕዮ ገዛ ዘይምብዛሕ ማለትንድያ። ነዚኣን ከይትውግን ኣብ ኣፈፌት ወጋሕታኻ ተጉቲሩ መዓልትኻ ከሕፅር ንዘተጋሕተን ቀታሊ ቀዲምኻ ከተቃብዖ እውን ገለ ዓይነት "ምቕዳም ሞት" እዩ። ተጋዳላይ ትግራይ እውን ነዚኣ እዩ ዝገበረን ዝነብር ዘሎን። ኣኸለ። ናብ ዙኪያ ከመልሰኩም። ናብታ ኣደይ መንፀገባ ዝተቐመጣላ መድሐ። ሰንቂ መንገዲ ከሰንከተልና ዝኸእል ሰብ እናሓተተና ኢና። ወገዚ ኣብ ኣቡ ሸራ፣ ኣብ ቐላቕል ሓሸንገ፣ ጉሓራት ነቕሰገን ከድሰቕ ዝቕንየ ፀላኢ ከምልማዱ ሸንፈቱ ከጣፍኣ ንከተማ

ዙኪያ ብመዳፍዕን ምርተርን ከህሙኻ ጀሚሩ። ንፁር ዕላማ ዘይብሎም ቀምብላታት ምርተር ኣብ ልዕሊ መንበሪ ኣባይቲ ንፁሃት ነበርቲ ዙኪያ ብግዲ ኣልቦነት ይዓልቡ። "ተበገስ!" ድማ ኾነ። ሃንደበታዊ መምርሒ እዩ። ነዊሕ ጉዕዞ ይፅበየና

**ሕቶም ዘይቁርጠሙ**
**ፀፀራት ኣልማዝ ደቂ**
**ሀዝቢ ንባዕሎ መኪሶም**
**ቁሒሞምዎ ከባ**
**ፈንፂሖም ወፁ። ንሱን**
**ከደምቱን ዲና ሀበይ**
**ተኽዲናም ተዋሪዱ።**

ምህላዉ ተነጊሩና። ንዕኡ ዝኸውን ሰንቂ ከነሰንክት ግን ግዘ የለን። ዝሓገዝናዮ ሕሩጭ ተሰኪምና ከንጉዓዝ ግድን ኮነ። ንኣደይ መንፀገባ ተሰናቢትናየን ወፂእና።

ድሕሪት ናብ ዝተረፈ መራሒ መሰርዕና ቁሊሕ እንትብል ተረቢያም ዝተዓፀፉ ቅመጺታት ዝመልአ ዘምቢል እንጠልጢሉ ይመፅእሎ። ሰንቂ ቕንያት ከይሓዛ ካብ መረበተን ሃፀ ኢለን ዝወፃ ኣደይ መንፀገበ፣ ብግሸነት ካብ ዘዕረፋላ ቤተ-ዘመድ ንዓና ዝኸውን ሰንቂ ከሓልያ ምርኣይ ኣብዚ ከፅሕፎ ዘይኽእልኩ ዓብዪ ፍናን ፈጢረለይ። እቲ ከንሽከሞ ዝሓገዝናዮ ሕሩጭ ከገድፈለን እንትምለሰ ኣደይ መንፀገባ ከወቕዓኒ ኣይፀልኣን። ሰላም ኣቡ ሸራ። ደሓን ኩኒ ዙኪያ። ኣብ ዓወት የራኽበና።

ኣብ መገዲይ ከምዚ ይሓስብ ነይረ ትግራይ ሙሉእ ዓዲ ኣደይ መንፀገባ እዩ፣ እዚ ህዝቢ ሒዝካ ከመይ ትስዓር?? ትግራይ ፈፂማ ኣይትስዓርን!!

ትግራይ ትዕወት!!



Scanned with CamScanner